# ሓዲሽ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.296 | ረቡዕ 12 ነሓሰ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
መሰል ሓባራዊ ዘተ ኣብ ቦታ ስራሕ




ገጽ 5
"ሓይሊ ዊንር፡ ከም ሰሞም ዊነር እዩም" ተመራቒ 38 ዙርያ...



ገጽ 10
'መገሻ ኣርባዕተ' ቲኹነለይ



ገጽ 11
"ንኢንፋንቲኖ ምስጋግ ዓቢ ጌጋ እዩ" ትራምፕ




## ባረንቱ - ስልጠና ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ተዋሂቡ



ቤት-ጽሕፈት ሕርሻ ንኡስ ዞባ ባረንቱ፡ ፍርያምነት ሓመድ ክብ ብምባል እቶትን እቶታውነትን ሕርሻ ንምዕባይ ከምኡ'ውን መኣዝዊ መግቢ ኣብ ኩሉ ንኹሉ ንምርግጋጽ ብዝካይዶ ዘሎ ጻዕሪ፡ ኣብ ኣገባብ ምድላው ባህርያዊ ድኹዒ ዘተኮረ ስልጠና ንሓረስቶትን ኣልማዕቲ ጀራዲንን ሂቡ።

ኣብ'ቲ ብ10 ነሓሰ ብክልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተኻየደ ስልጠና፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ መሲ ባህታ፡ ባህርያዊ ድኹዒ ኣብ እቶትን እቶታውነትን ሕርሻ ልዑል ተራ ስለዘለዎ፡ ሓረስቶት ተጠቃምነቶም ክብ ከብሉን ተመኩሮኦም ንኻልኦት ከካፍሉን ተላቢዩ።

ክኢላ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኢንጂነር ኣዘኪያ ኣልፋዩ ብወገኑ፡ ባህርያዊ ድኹዒ ብቐሊሉ ዝርከብ ወጽኢት ተረፍ ምህርቲ ሕርሻን ዘቤታዊ ጕሓፍን ከምዝሽሓ ብምግላጽ፡ ምዝውታሩ ንትሕዝቶ ሓመድ ብምህብታም ምህርቲ ኣብ ምዕባይ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣረዲኡ።

ተጠቃምነት ከሚካላት ዘለዎ ከቢቢያዊ ብከላታት ንምውጋድ፡ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻን መስኖኣዊ ልምዓትን ዝጥፉ ሓረስቶት ኣብ ከባቢኦም ንዝርከብ ባህርያዊ ድኹዒ ብግቡእ ክጥቀሙሉ ብምዝኽኻር ድማ፡ ንቕሓቶምን ተጠቃምነቶምን ንምብራኽ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ብቐጻሊ ከምዝውሃብ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ዝቐሰምዎ ስልጠና፡ ብዛዕባ ኣገባብ ምድላውን ረብሓታትን ባህርያዊ ድኹዒ ንዘለዎም ድሩት ኣፍልጦ ዘስፍሕ ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ተመሳሳሊ መደባት ብስፊሑ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ መወዳእታ፡ ብባህርያዊ ድኹዒ ዝለምዐ ኣሕምልትን ኣሕምልትን ንምዕዛብ ዑደት ተወዲቡ።

## ዓንሰባ - ንቕሓት ዕቃበ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ክብርኽ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ቱሪዝማዊ ጸጋታት ብግቡእ ተዓቂቦም ናብ ወለዶታት ንኽመሓለለፉን ምንጪ ቀጠባዊ ኣታዊታት ክኾኑን ምእንቲ፡ ኣብ ምብራኽ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ዘተኩረ ስራሓት ምኽያድ ኣገዳሲ ከምዝኾነ፡ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቱሪዝም ኣቶ ሳልም ዓሊ ገሊጹ።

እዚ ዝተገልጸ ብ8ን 9ን ነሓሰ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ገሉብን ዒላበርዕድን ብዛዕባ ዝርከብ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምግባር፡ ምስ ነበርቲ መራሕትን ደቂ-ዓድን ኣብ ዝተኻየደ ርክባት'ዩ።

እቲ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ፡ ነቲ ድሕሪ ምፍራስ 'ናደው እዝ' ኣብ 1988 ከቢድ ምርብራብ ዝተኻየደሉ ግንባር ሮራ መንሳዕን ኣብኡ ዝርከብ ታሪኻዊ ሓድግታትን፡ ኣብ ከባቢ መራሒትን ደቂ-ዓዶምን ዝርከብ ሓደጋ ምጽናዕ ኣንጸላልዩዎ ዘሎ ሃብቲ ገረብን እንስሳ ዘጐዳምን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ከባቢ በልታ ዘሎ ቀደሓ እምኒ-ብረድ ዝሽፈነ ነይሩ።





ስነጥንታዊ ኣሰራት፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት፡ ሃይማኖታዊ ቦታታት፡ ብዙሕነት ባህልን ያታን፡ ስነጥበባዊ ፍርያትን ካልእን ካብ'ቲ ፍሉይ ጸጋታትና ምዃኑ ዝሓበረ ኣብ ክፍሊ ቱሪዝም ሓላፊ መጽናዕትን ምክትታል ጸጋታትን ኣቶ ፍስሃ ሃብቱ፡ ሕብረተሰብ ፍሉይ ኣሰራት ምስ ዝረክብ ንዝምልከቶ ኣካል ዘድሊ ሓበሬታ ብኡጋ ከመሓላልፍ፡ ኣብ ደረጃ ምጽናዕ ዝርከብ ጥንታዊ መባቆላዊ ኣግራብ ግቡእ ክንክን ክግበረሉ፡ ባህልናን ስነጥበባዊ ፍርያትናን ድማ ቀጻልነቱ ብዘውሕስ ኣገባብ ክዝውተር ተላቢዩ።

ኣብ ክፍሊ ቱሪዝም ሓላፊ ፍቓድ ስራሕን ቁጽጽራዊ ብቕዓት ትካላት ቱሪዝምን ኣቶ ሃብተጋብር መንግስቱ ብወገኑ፡ ትካላት ንባህልናን ያታናን ዘላልዩን ክብርታትና ዝሕልዉን፡ ከምኡ'ውን ኢንዱስትሪ ቱሪዝም ሃገርና ኣብ ምምዕባል ድፍኢት ዝፈጥሩ ክኾኑ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቡ።

## ብዓውድታት ስነ-ጥበብ ዝሰልጠኑ ኣባላት እዚ ማእከል ተመሪቖም

ብዝተፈላለየ ዓውድታት ስነጥበብ ዝሰልጠኑ 23 ኣባላት ክፍለሰራዊት 49 - እዚ ማእከል፡ ብ9 ነሓሰ ኣብ ማይ-ሰራው ተመሪቖም።


እቲ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ብጥዑብርን ክልሰ-ሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ስነ-ጽሑፍ፡ ድርሰትን ኣተኣላልያን ድራማ፡ ከምኡ'ውን ፊልምን ሜክኣፕን ዘጠቓለለ ከምዝነበረ፡ ሓላፊ ጕጅለ ባህሊ ናይ'ታ ክፍለሰራዊት ሳልሕ ዓብደላ ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት ሓቢሩ።

ካብ ኣሰልጠንቲ መምህር ጠዓመ ኣረፋይነ ድማ፡ ድሌትን ተወፋይነትን ሰልጠንቲ ኣብ ወጽኢታውነት ናይ'ቲ ትምህርቲ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዝነበሮ ገሊጹ።

ወከል ሰልጠንቲ ብወገኑ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ መሰረታዊ ኣምራት ንኽሕዙ ንዘጸዓሩ ወደብቲ ናይ'ቲ ስልጠናን መምህራኖምን ድሕሪ ምምስጋኑ፡ ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ብቐጻሊ ግብራዊ ስራሕ ከምዘማዕብልዎ ኣረጋጊጹ።

ኣዚ ናይ'ታ ክፍለሰራዊት ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንተራ ስነጥበብ ኣብ ዓወት ሓርነታዊ ቃልሲናን ምስራጽ ሃገራዊ መንነትናን ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብቕዓቶምን ውፉይነቶምን ብምሕያል ንምድንፋዕ ባህላዊ መደባት ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ክጽዕሩ ተላቢዩ።

## ተጋዳላይ ኢያሱ ዮውሃንስ ተሰዊኡ



ኣባል ሚኒስትሪ ሕርሻ - ጉዳም ተጋዳላይ ኢያሱ ዮውሃንስ ተስፉ፡ ብ10 ነሓሰ ኣብ መበል 83 ዓመት ዕድመኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ 1975 ኣብ መሳርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ኢያሱ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ጨንፈር ሕርሻ ውድብ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ካብ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ኣብ ኣውራጃታት ሓማሴንን ሰንሒትን ክሳብ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ተመዲቡ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ስውእ ተጋዳላይ ኢያሱ የውሃንስ፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ደቅን'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 11 ነሓሰ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ብምስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ኢያሱ የውሃንስ ተስፉ ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# መንደፈራ - ወፋሮ ክረምታዊ ልምዓት ዝተፈላለየ ዕማማት የሰላስሉ ከምዘለዉ ተሓቢሩ


ስእሊ፡ የዕብዮ ባህታ

ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፡ ወፋር ክረምታዊ ልምዓት ንዘተዋህበም ተልእኾ ብግቡእ ይፍጽሙ ከምዘለዉ፡ ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ብላለ ኣርኣያ ገሊጹ።

እቶም ኣብ 16 ነቑጣታት ዝተዋፈሩ ልዕሊ 1,200 ተመሃሮን ኣለይትን፡ ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምትካል ፈልስታት ኣግራብ፡ ከምኡ'ውን ድሕነት ትራፊክ'የም ዝዓሙ ዘለዉ።


ንኣቶም ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ንዝተዋህቦም ስራሕ ብኣለይቶም እናተማእዘኑ ብልዑል ሞራል የሰላስልዎ ከምዘለዉ ብምብራህ፡ ድርብ ረብሓታት ከምዝረኸቡሉ ሓቢሮም።

ብተመሳሳሊ፡ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ብመምህራንን ሰብ ሞያ ሕርሻን እናተኣልዩ ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኩረ ኣድማዒ ንጥፈታት የሰላስሉ ከምዘለዉ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣብ ኣለይቲ - መምህር ጅምዕ ሳልሕ ብወገኑ፡ 370 ተመሃሮ ኣብ ዝተመደበሎም ነቑጣታት ተዋፊሮም ንዝተዋህቦም ዕማም ብግቡእ የተግብሩ ከምዘለዉ ገሊጹ።

መበል 28 ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት፡ ኣብ 6 ሓምለ'ዩ ንሰ36 መዓልታት ዝጸንሐ ዘሎ።

# ከረን - ብሉጻት ተመሃሮ ኣባላት 38 ዙርያ ተሸሊሞም



ኣብ ከተማ ከረን እትርከብ ናይ መጀኣታ፡ ማእከላይን 2ይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ዓንሰባ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ማለት ማትሪክ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ 10 ኣባላት 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተመሃሮኣ፡ ብ8 ነሓሰ ሸሊማ።

እቶም ንሽልማት ዝበቅዑ፡ 2 ምሉእ ነጥቢ ማለት 4 ዘምጽኡ ክኸውኑ ከለዉ፡ 8 ድማ 3ን ልዕሊኡን ዘመዝገቡ'የም።

ብዘይካ'ዚ፡ ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ዘምጽኡ 16 ተመሃሮ ተተባቢዖም።

ዳይረክተር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር መሓመድ-ሳልሕ መሓመድ-ሰዒድ፡ እቲ ኣጋጣሚ - ብሉጻት ተመሃሮ ዝሸለሙሉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብዙሓ ናይ ኮሌጅ ትምህርቲ ሓፈሻዊ መብርሂ ዝረኸቡሉ፡ ከምኡ'ውን ንዓመታ ናብ ሳዋ ዝወርዱ ተመሃሮ ተመኩሮ ዝቐሰሙሉ ከምዝነበሩ ሓቢሩ።

ኮሚቲ ወለዲ ብወገኖም፡ ብሉጽ ወጽኢት ብዘይ ጻዕሪ ስለዘይርከብ፡ ኣብ መጻኢ ኣብርቲዖም ብምስራሕ ዝሓሸ ወጽኢት ንኸመዝግቡ ምእንቲ፡ ተራን ንቕሓትን ወለዲ ወሳኒ ምዃኑ ኣገንዚቦም።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል ኣብ ዝሃቦ መተዓብቢ ቃል፡ እቲ መደብ - ተመሃሮ ረኺቦሞ ዝለዉ ብሉጽ ወጽኢት ዓቅሞም ንዘለዓለ ደረጃ ከስርሑ ንምትብባዕ ብምዃኑ፡ ንተመሃሮ ዝያዳ ሓላፍነት ዘሰክም ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ሰናይ ምኞቱ ገሊጹሎም።

# ሆስፒታል መወለዳን ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ኣገልግሎታት የስፍሕ ኣሎ

ሆስፒታል መወለዳን ዕዳጋ-ሓሙስ፡ በቢእዋኑ ክዓጥቅ ብዝጸንሐ ዘመናዊ መሳርሒታትን ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብን፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ክህቦ ዝጸንሐ ኣገልግሎት ክትትል ነፍሰ-ጾራትን ሕርሲን፡ ጥዑና ኣደን ዕሸልን ንምውሓስ ዝሕግዝ ተወሳኺ ኣገልግሎታት ከምዝተኣታተወ፡ መዲካል ዳይረክተር - ዶ/ር ዳዊት እስቲፋኖስ ገሊጹ።

እቲ ኣገልግሎታት፡ መርመራ ቅድመ-ካንሰር ኣፍ-ማህጸን፡ ምስ ወሊድ ዝተኣሳሰር ጥዑናዊ ጸገማት፡ ንዕብየትን ምዕባለን ፍርያምነት መጸምዲ ዝሕግዝ ክትትልን ምስኡ ዝተኣሳሰር መጥባሕትን፡ ከምኡ'ውን ሕክምና ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት የጠቓልል።

ኣብ'ቲ ሆስፒታል፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ 2026 ልዕሊ 340 ብመጥባሕቲ ዝርከብኦን 1208 ነፍሰ-ጾራት ከምእተገላገላ ዝሓበረ ዶ/ር ዳዊት፡ ዝበዙሓ ካብኦን ካብ ከተማ ኣስመራ ወጻኢ ካብ ዝርከብ ንኡሳን ዞባታት ዝመጽኣ ብምዃነን፡ መርኣያ እናሰረጸ ዝመጸ ንቕሓት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ገጢ-ገጢ'ዚ፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ኣገልግሎት ክትትል ቅድሚ ሕርሲ ንምብራኽ፡ ንገለ-ዘን ጸገም ወሊድ ዘለዎም መጸምዲን ኣገልግሎት ሕክምናን ምኽሪን፡ መርመራ መኻሽሮ ኣፍ-ክሳድ ማህጸን ከምዝወሃብ ብምሕባር፡ ኣደታት ንድሕነተንን ድሕነት ውሉደንን ቀጻሊ ምክትታል ክገብራን ቅልጡፍ ሕክምናዊ ረዲኤት ክረኽባን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምስ ምምዳብ እኹል ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብን መሳርሒታትን፡ ቀጻሪ ንዝለዓለ ኣገልግሎት ሕርሲ ናብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል መወለዳን ኦሮታ ዝለኣኻ ነፍሰ-ጾራት ከምዝውሓደ ብምሕባር፡ ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዝውለዱ ዕሸላት ቅድምን ድሕሪን ወሊድ ኩሉ ዓይነት ክታበት ከምዝረኽቡ ገሊጹ።

ሆስፒታል መወለዳን ዕዳጋ-ሓሙስ፡ ኣገልግሎት ሕርሲ፡ ክታበት ንትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት፡ ምኽንኻብ ደቂ-ተባዕትዮ ህጻናት፡ ኣገልግሎት 14 ዓይነታት ክታበት፡ ከምኡ'ውን ኣገልግሎት ጥዕና ፍርያምነት ይህብ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጳ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰለሞን ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጳ. 1284

# ጎልጅ-ባረንቱ - ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዕዉት ንጥፈታት ይሰላሰል ኣሎ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ንኡሳን ዞባታት ጎልጅን ባረንቱን፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ካብ 6 ሓምለ ጀሚሩ ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኮረ ሰፊሕ መደባት ይሰላሰል ኣሎ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ዝተዋፈሩ 800 ተመሃሮ፡ ዛጊት ኣስታት 8 ሽሕ ሜትሮ ቅናታዊ ዛላ ከምዝጸገኑ፣ ኣብ 10 ሄክታር ሓድሽ ቅናታዊ ዛላታት ከምዝሰርሑ፣ ልዕሊ 2 ሽሕ ጉዳጉዲ ንፈልስታት ከምዝኾዓቱ፣ ከምኡ'ውን ሓያሎ ኣግራብ ከምዝተኸሉን ከምዘለዉ፡ ክኢላ ሕርሻ - ኢንጅነር ብርሃነ ጺጋይ ሓቢሩ።

ወፋሮ ብወገኖም፡ ኣብ ወቕቲ ክራማት ዝጸንሕ ወፈራታት፡ ኣብ ምምዕባል ብቕዓት፡ ምስናቕ ልምዲ ስራሕን ምልውዋጥ ተመኩሮን እወታዊ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ብፍግረ-መሬት ተሃሲዩ ዘሎ ከባቢታት ናብ ንቡር ንምምላስ ኣብርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

እዚ ከምዚ እንከሎ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ንዝተዋፈሩ ተመሃሮ፡ ንቕሓቶም ብምብራኽ ተራኦም ኣብ መደባት ህንጻት ሃገር ክብ ንምባል ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣብ'ቲ ብምትሕብባር ኣብያተ-ጽሕፈት ፖሊስ ትራፊክ፡ ትምህርቲ፡ ሕርሻ፡ ሃማመተኤን ሃማደኤን ዝተወደበ ኣስተምህሮ፡ ድሕነት ሕብረተሰብ ካብ ሓደጋታት ትራፊክ ንምርግጋጽ ውሑስ ኣጠቓቕማ ጽርግያ ክዘውተር፡ ክሊማዊ ለውጢ ንምብዳህ ተራ መንእሰያት ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ክዓዝዝ፡ ከምኡ'ውን ተሳታፍቲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ትምህርትን ልምዓታዊ መደባትን ክሕይላ፡ በብከዝምልከቶም ኣካላት መግለጺታት ተዋሂቡ።



# ርእይቶ

## ትርጉም “ሃገርን ሓድነትን” ኣብ ኢትዮጵያ

ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንከኒዮ)

ጸሓፍቲ ኢትዮጵያ ተኣኪናምን ተማእዲዶምን “ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ቅድሚ ሰለስተ ሽሕ ዓመታት ዝነበረት፡ ንሰሜን ክሳብ የመን፡ ንምዕራብ ክሳብ ደቡባዊ ክፋል ግብጺ፡ ብደቡብ ድማ ክሳብ ማዳጋስካር ኣሰፊሓ እትገዝእ ሃገር'ያ ነይራ” ክብሉ ንህውቱት ታሪኽም ይፍልሙ። ነዚ ህውተታ'ዚ፡ በቲ ቀደም ብግሪኻውያን ዝተሳእለን ንባሕሪ ኣትላንቲክ “ኢትዮጵያን ኦሻን” (Ethiopian Ocean) ኢሉ ዝሰምዮ፡ ጂኦግራፊያዊ ካርታ ከድግፉዎ ይፍትኑ።

ተኽሊ ያሻው ዝተባህለ ሓደ ካብ ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣብታ “ተጫረትቲ ስልጣን ተጋሩን ሓድነት ኢትዮጵያን” እትብል 524 ገጻት ዝሓዘት መጽሓፉ፡ “ጥንታዊት ኢትዮጵያ ብደቡብን ደቡባዊ ምብራቕን ክሳብ ማዳጋስካር፡ ብምብራቕ ቀይሕ ባሕሪ ተሳጊሩ ክሳብ የመን ከምኡ'ውን ዘይላ ታጁራን ኣርጌሳን ወሲኽካ ክሳብ ህንዲ ውቅያኖስ፡ ከምኡ'ውን ብምዕራብ ሰሜን ኑብያን ሰናርን ሰገርን፡ ክሳብ ደቡባዊ ግብጺ እትሽፍን፡ ከም ቀርበት ሓርማዝ ዝተዘርግሐት ሃገር እያ ነይራ። ይትረፍ ኤርትራ፡ እዘን ሶማልያ፡ ኬንያ፡ ታንዛንያ፡ ሱዳን፡ ኡጋንዳ ወዘተ. ዝበላ ናይ ሕጂ ሃገራት ብዘይጥርጥር ናይ ኢትዮጵያ ግዝኣት ምንባረን ኩሎም ኣንፈታት የረጋግጹ” ክብል ይትርኽ።

ጥንታውያን ነገስታት፡ ኣብ ትሕቲኦም ንዘሎ ህዝቢ፡ መሊኾም ክገዝእዎ እንተኾይኖም፡ ንእቦሞን ዓቕሞምን ልዕሊ ፍጡራን ዝገልጽ መለኮታዊ ሓይሊ ገይሮም ከቕርብዎን ከእምንዎን ልሙድ እዩ ነይሩ። ሰኽፍ ከይብሎም “ንሕና ኣማልኽቲ ኢና” ዝበሉ እውን ነይሮም። ንኣብነት ፈርኦናት ግብጺ፡ ነቲ ህዝቢ ማዕረ ኣማልኽቲ ጸሓይ ንኽምልኾም ይድርኽዎ ነበሩ። ብዘዕባ ንጉስ ምስሪ ፕቶለም ዝገልጽ፡ ኣብ ሓወልቲ ዝሰፈረ ጽሑፍ ከም ዝሕብሮ፡ ኣቡኡን ኣደኡን ማንታ ኣማልኽቲ ምንባሮም፡ ንሱ ድማ ካብ ኣማልኽቲ ዝተፈጥረ ምዃኑ ይገልጽ ነበረ። እቲ ኣብ መበል 20 ክፍለ-ዘመን ዝነበረ ንጉስ ጃፓን ሂሮሂቶ ንባዕሉ፡ ክሳዕ 1945፡ ብጃፓናውያን ከም ወላዲ ኣምላኽ'ዩ ዝቖጸር ነይሩ። ንጉስ ሃይለስላሰ ናይ ኢትዮጵያ እውን ካብ ስሙ ጀሚርካ መለኮታዊ ንኽኾውን ብፕሮፓጋንዳ ተጻዒሩሉ። እዚ ማለት - ቀንዲ ስሙ ተፈሪ ክነሱ፡ ሓይሊ ናይ ስላሰ ከምዝሎዎ ንምግላጽ “ሃይለስላሰ” ተባሂሉ ከም ዝጽዋዕ ተገብረ። ብዘይካ'ዚ “ሞኣ ኣንበሳ ዘእምነገደ ይሁዳ ስዩመ እግዚኣብሄር” ዝብል ቅጽል'ውን ተዋህቦ፡ ካብ ዘርኢ ይሁዳ ዝመጸ ብእግዚኣብሄር ዝተሓርየ ወይ ዝተሰየመ ማለት እዩ።

ኣብ 1940ታት ንጉስ ሃይለስላሰ ናብ ኣመሪካ ብምኻድ ምስ ናይ ሽዑ ፕረዚደንት ኣብ ጻዕዳ ገዛ (white-house) ተራኺቡ ነይሩ። ሽዑ ሓንቲ ጋዜጠኛ፡ “ካብ ጸለምቲ መራሕቲ፡ ናብዚ ጻዕዳ ቤት ንምእታው ዕድል ዝረኸበ ናይ መጀመርታ መራሒ. ብምዃንካ እንታይ ይስመዓካ?” ክትብል ሓቲታቶ።


ንጉስ ሃይለስላሰ ድማ፡ “ንሕና (ኢትዮጵያውያን) ካብ ንጉስ ሰሎሞን እናተሰገረ ዝመጸአ ወለዶ ኢና፡ ስለዚ ካብዝም ጸለምቲ ኣይኮንናን” ክብል ምስናይ ትዕቢቱ መለሰላ።

ካብዚ ጽውጽዋያትን ሕልምታትን ተበጊሶም፡ ኣብዮት ክሃትዉን ነቶም “ብእግዚኣብሄር ዝተሓርዩ ንጉስ” ዝበሃሉ ህዝቢ “እሺ” ኢሉ ክግዝኦምን ክምእዘዞምን ከምዝለዎ ብቐጻሊ ይመኽሩን ይሰብኩን ነበሩ። ዝኾነ ሰብ ደረጃኡን ስልጣኑን ብዘየገድስ ንናይ ጳጳሳትን ካህናትን ኢድ ክስዕም ንብረ ሃይማኖታዊ ቅጥዒ'ዩ። ብኣንጻሩ ካህናትን ጳጳሳትን ኢትዮጵያ፡ ንናይ ንጉስ ኢድ ከም ሓደ ብፈጣሪ ዝተቐብአ ንክስዕምዎ መን ቀደመ ይደፋፍኡ ነበሩ።

ርሑቕ ከይከድና ናይ ቀረባ ግዜ ኣብነት ክንጠቕስ፡ ኢጣልያ ኣብ ልዕሊ ተግባራት እስራኤል ተረር ነቐፌታ ከተቕርብ ጸኒሓ እያ። ኣብ ጥቅምቲ 2026፡ ኣብ ኢጣልያ ብዝኸተታተሉ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ምስ ኣጋጠመ፡ ሓደ ብዓል ስልጣን እስራኤል ከምዚ ክብል ብዘይ ሕንከት ተዛረበ።

“ኩሎም ቅዱሳን ቦታታት ምስ ሃገር እስራኤል ዝተኣሳሰሩ እዮም። ንእስራኤል ዘቖየመን ምስ እስራኤል እተባእሰን ድማ፡ ከምዚ ናይ ኢጣልያ ዘጋጠመ መቕጻዕቲ ይወርዶ።”

ናይ ኣመሪካ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ'ውን መበል 250 ዓመት ጽንብል ናጽነት ሃገሩ ብ04 ሓምለ 2026 ኣብ ዝተጸንበለሉ፡ “ከም ኣመሪካውያን ዝበልጸን ዝፍለዩን ኣብ ዓለም ኣይተፈጥረን” ክብል ተዛሪቡ።




እዚ ኣብነታት'ዚ፡ ንንግስነትካን ሃገርካን ዓሌትካን ናይ ምግናንን ምሕርማዝን (Elephantize) ተዋስኦ ብፍላይ ኣቡኦም ምግዛእን ምውራርን ምግባትን ታሪኽ ዘለዎም ወገናት ልሙድ ምንባሩን ምህላዉን ዘረድእ እዩ።

ነዚ ከም ድሕረባይታ ብምውሳድ ንኸምዚኦም ዝኣመሰሉ ብጽሑፍን መደረታትን ዝግለጹ ጽውጽዋያት ጎረባብትና ዝኸሸሕ ሓቅታት ሰዓቡ ይቐርቡ።

ናይ ታሪኽ ተመራማሪን ደራስን ሰወእ ኣብ ኢሳቕ የሴፍ ኣብታ “ፍረዱ” ዘርእስታ 136 ገጻት ዝሓዘት መጽሓፎም ካብ ዘስፈርዎ መርትዖታት ዝተወሰደ ምገት፦

“ኢትዮጵያ ዝብል ቀታሊ. ሕማም፡ ንምድሪ ሓበሻ ክየዕዝዘን ከም ሕሱም መሸሮ ኣቁሳል ክዝርእን ዝተረኽበ፡

ሁ ኣብ ራብዓይ ክፍለ ዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ፡ ንንግስነት መረወ ወሪሩ ዕንወት ዝፈጸመ ንጉስ ኣዜና ብዙብል ዝፍለጥ ንጉስ ኣኽሱም ወይ ሓበሻ፡ ከም ልሙድ ዝኾነ ጃህራ ነገስታት ሓበሻ፡ ምእንቲ ትምክሕትን ጃህራን ዝግበር ዝበረ ሽመታት “ንጉስ ኢትዮጵያ” ዝብል ተወሳኺ ጃህራ ኣልገበሉ።

ሉ ናይቲ እዋን'ቲ ቤተ ክህነት ሰናፍ ኣይነበረትን። ነዛ (ንግስ ኢትዮጵያ) መእተዊት ምስ ረኸበት፡ ‘ናይ ምዕራፍ 8.27 ናይ ግብረ ሃዋርያት ፍጻሜ፡ ንዓዲ ሓበሻ ምግባሮ ብኸምዚ ዝስዕብ ንወዲ ሓበሻ ምኽሳቡ’ ንዝብል ጸቕጠትሉን ሰርሓትሉን። ከሉ ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ዝርከብ ‘ኢትዮጵያ’ ዝብል ጥቕስታት ከኣ፡ ምስ ኩሉ ኣጸልማቲ ሳዕቤናቱ ጠጠምዚዝካ ንምድሪ ሓበሻን ንወዲ ሓበሻን ከምዝውሩብ ተገበረ።

ንኣብነት፡ “ይገጽዩ ቅድሜሁ ኢትዮጵያ፣ ወጸላእቲሁ ሃመድ ይቀምሁ” ብምባል፡ ትርጉሙ፡ “ኣብ ቅድሚ ኢትዮጵያ ይደነ፣ ጸላእቲ ከኣ ሓመድ ይልሕሱ።” ፣ “ኢትዮጵያ ታበጽሕ እደዊሃ ሃበ እግዚኣብሄር” ትርጉሙ፡ “ኢትዮጵያ ኣእዳዋ ናብ እግዚኣብሄር ዝተዘርግሐ እዩ።” ፣ “ወወሃብኮሙ ሲሳዮም ለ ህዝበ ኢትዮጵያ” ትርጉሙ እቲ ሽሻይ ብምሉኡ ንህዝቢ. ኢትዮጵያ ሃብ” ወዘተ.

ከምዚ'ውን ዝኣመሰሉ ኣብ ግእዛዊ ስርዓት ኣምልኾ ዝርከቡ መብዝሕትኦም ብቀይሕ ቀለም ዝተጻሕፉ፡ ተተጠምዚዞም ኣትዮም፡ ነቲ የዋህ ባህርያዊ ብዝመሰሉ፡ እንተኾነ ግና ቀታሊ. ዝኾነ “ኢትዮጵያ’ ናይ ዝተባህለ መርዚ. ዕዮ ኣካል እዮም። ነዚ ዝተማህረን ፊደል ዘኸምሰሰን ዝቐደመ ግዳይ ከኣ “ሓንቲ ኢትዮጵያ እትብሃል ካብ ጥንቲ ኣትሒ.ዛ ምስ ኣምላኽ ርክብ ዝነበራ፡ መብዝሕትኦም ኑቢያትን ቅዱሳን ጸሓፍትን ዝዘረብሉ ካብ ኩሉ ሃገራት ዓለም ንበይና ብኣምላኽ ዝተመርጸት፡ ምናልባት'ውን መተካእታ እስራኤል ዝኾነት ቅድስቲ ሰማያዊት ኢትዮጵያ ከምዝኣ ከይተፈለጠ እናሰረጸ ይኸይድ እሞ፡ እታ ኢትዮጵያ ናቱ ዓዱ፡ እቲ ኢትዮጵያ ከኣ ንሱ ባዕሉ ምዃኑ ይኣምን። ከም ዒቢ. ሓለፉን ጉንያን ከኣ ይሰመዖሞ ብኣስተንክሮን ሓበንን ሓጎስን ይመልእ። ‘ኢትዮጵያ - ኢትዮጵያውያን ኢትዮጵያዊት’ ንዝብል ዘበለ ኩሉ ከኣ ናቱ ጥራይ ስለዝመስሎ ኩርዓቱ ነቓናቒ የብሉን።

እዚ ሕጂ እንዝምርሞሮ ዘለና ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ኢትዮጵያ ዝብል መጸውዒ ዝጠበቖ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን እዩ። ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ግሪኻውያን “ኢትዮጵያ” ኢሎም ዝጽውዕዎ ክሳብ ኣትላንቲክ ዝበጽሕ ንደቡብ'ውን ክሳብ ማዳጋስካር ዝበጽሕ ከባቢታት እዩ ዝነበረ። ሓደ ሰድ ናይ ሳልሳይ ክፍለ ዘመን ከምዝረጋግጾ ድማ፡ እዚም ሕጂ ኢትዮጵያ ዝብል ስያመ ሓዚም ዘለዉ፡ ሽዑ ብስም “ሓበሻ” ዝፍለጡ ኣህዛብ፡ ጥቓ እዚም ብኣሲያይማ ግሪኻውያን “ኢትዮፒያ” ዝበሃሉ ይነብሩ ነበሩ'ሞ፡ ብክርስትያናዊ ጽልዋ ጥራይ እዚም “ሓበሻውያን” “ኢትዮጵያ ዝብል ስያመ ንዓዶምን ንእቦሞን ደረቡሉ።

“ኢትዮጵያ ኢትዮጵያውያን” ዝብል ግሪኻዊ ቃላት፡ ቅዱስ ጽሑፍ ናብ ግሪኻዊ ቋንቋ ቅድሚ ምትርጓሙ ኣቐዲሙ'ውን ኣብ ሆሜራዊ ግጥምታት ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 8ይ ዘመን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ይጥቀስ ነበረ።

ነዚ ዝተጠቕሰ ሓሳባት ዝድርዕ ናይ ዝጸበዩን ዝተፈልጡን ተመራመርቲን ሊቃውንትን ምስክርነት፡ ማሰፈር መለኡ ዝፈስስ ተመሳሲ. ዝመደምደምታኡ ጥቕስታት ሓደ ድሕሪ ሓደ ተሰሪዑ ክስጣሕ ምኸኣለ፡ እንተኾነ ክንጽዕ'ዚ ሓቂ'ዚ ዝውሰኾ ካልእ ሓቂ የለን።

እዚ ንወዲ ሓበሻ ብቐደሙ ዘይተዋህበ ስያመ፡ እንተ ንጃህራ እንተ ንኻልእ ምኽንያታት፡ ባዕሉ ዘጥበቖ ‘ኢትዮጵያ’ ዝተባህለ መርዚ ሓሸሽ፡ ምስ ቅዱሳት ጽሑፋት ሌላ ብዘበርም ቤተ-ክህነት ኣቢሉ፡ ብቐጥታን ብቐለልን ናብቲ ፊደል ክቐጽር ዝዓደ ዕድል ዝበሮ ግዜ. ደርቢታት ክሳዕ ባህርያዊ ነበረ። እዚ ከምዚ ዝበለ ቤተ- ክህነታዊ ጽልዋ፡ ኣብ ልዕሊ. ምሁር ኣካል ወዲ ሓበሻ፡ ሓንቲ ቅድስቲ ጥንታዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ. ዐና ሓበሻ (ኣቢሲኒያ) ንኽትምስረት ኣወናወናን ኣህረፎን።

ብቐንዱ ኣብ 3ይ-4ይ ዘመናት ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ቅዱስ ጽሑፋት ካብ እብራይስጥ ናብ ግሪኽ ካብ ዝትርጎም ንደሓር እምበኣር፡ ‘ኢትዮጵያ’ ዝብል ናይ ከብቱካሻውያን መተካእታን ናይ ጸሓፍቲ ሞዳን ኮነ። እዚ ከኣ ይትረፍ ንሕማም ዘለዎ ፖለቲከኛን ብዓል ስልጣንን፡ ብዓል ምሉእ ጥዕና ንዝኾነ ገርህኛ'ውን ዘደስክር መዓስ ኮይኑ።

እዚ ‘ኢትዮጵያ ጥንታዊት ሃገር ኮይና፡ ካብ ማዳጋስካር ክሳብ ህንዲ ወዘተ. ዝዘርጋሕ ዶብ ነይሩዋ’ ኢሎም ዝጽሕፉ ደርብታትን ጸሓፍትን ኢትዮጵያ ዘውርዩዎ እምበኣር፡ ነዚ ዝተጠቕሰ ጽንጽንታት ንምምዝማዝ እዩ።

ትርጉምን ኣመጻጽኣን ኢትዮጵያ ብዘየገድስ፡ ቁልቁል ዝኣፉ ነታ ቃል ጥራይ በጥቀልካ ዝበረን ዘይነበረን ጽውጽዋይካን ዘይጽውጽዋይካን ታሪኽካን ዘይታሪኻን ጎፊጥካ ክትተርዕ ምድላይ እምበኣር፡ ንወዲ ሰብ ዘሕሰ'ምገር ዘኽብርን ዘኹርዕን ኣይኮነን። ሓቂ ዘይብሉ ድማ፡ ካብ ምጽልማት ኣእምሮ ወዲ ሰብ ሓሊፉ፡ ዘምጽኦ ነገረ ፋይዳ የልቦን። ጉዳይ ናይ ሎሚ ኢትዮጵያውያን ናይ ትማሊ. ሓበሻ ካብዚ ዝሓልፍ ኣይኮነን።

“ካብ ጥንታዊ ናይ ቅዱሳን መጽሓፍትን፡ ፍትሓ ነገስትን ክብረ ነገስትን ኣጻቢጠ ካብ ዝረኸብኩዎ” ብምባል ጽሑፎም ዝጀምሩ፡ ሃለቃ ታየ ገብረማርያም ዝተባህሉ “ኢትዮጵያዊ” ጸሓፊ ታሪኽ ድማ፡ “እዛ ሕጂ ኢትዮጵያ ዝብል መጸውዒ ሃገር ዝኾነ ስም፡ ካብ ነገደ ዩቕጣን ኮይኑ፡ ካብ 364 ክሳብ 367 ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ዝገዝአ ዝነበረ ኢትዮጵስ ዝተባህለ ንጉሱ ናቱ ስም ብምውሳድ፡ እዛ ሃገር ነዚ ስም'ዚ ሓዘት” ብምባል ካልእ ኩርናዕ ጽውጽዋይ ኣሰፊሮም ንረኽቦም።

ነዚም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ንጽውጽዋያት ሰለስተ ሽሕ ዓመት ዝምጉቱ ትንተናታት መጠነ. ብምውሳድ፡ ኣብ ትርጉም ናይ ኣቃውማ ሃገራት ምርኩስ ብምግባር “ኢትዮጵያ” ኣብ ትሕቲ ሓደ ስርዓትን ሕገ መንግስትን ክሊ-ዶብትን ናይ ሓባር ስነ-እምሮኣዊ ኣቃውማን ተጠሚራ ዝተመሓደረትሉ እዋን ነይሩ ድዩ፣ እንተ ነይሩ መዓስ፣ ኩሎም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ስልጣን ዝመጽኡ ነገስታት'ከ ናይ ኣተሓሳስባኦም ማእከል “ሓድነት” ዝብል ደዩ ነይሩ፣ ምስዚ. ብምንጽጻር ድማ፡ ኤርትራ ኣብዚ. ናይ ኢትዮጵያ ምህናጽ “ሃገራውነት” እትውቲ'ዶ ነይራ፣ ንዝብሉ ብዓቕምና ከነብርህ።

ካብ ጉዳይ ምውዳል ክሳድ ምሓዝ “ከምዝብልዎ ኣዋጥ፡ ቁመና ኢትዮጵያ ንምርድኡን ዝይምህውታትን ክሕግዘና ምእንቲ፡ ካብ ግዜ መሳፍንቲ (ድሕሪ 1800) ምጅማር፡ ሓቀኛ ናይ ታሪኽ ሰዓት ንምጭባጥ ዝሕግዝ ዝሓሸ መድረኽ ኮይኑ ንረኽቦ።

ይቕጽል . .

---

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተክ ኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሉብ ደሓን |
| 14:20 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:45 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 15:10 | ህርመት |
| 15:30 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ማእገር |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ዜና ስፖርት |
| 20:25 | መልሲ. ኣብ መሰመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሰነዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ 1ይ ክፋል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## መሰል ሓባራዊ ዘተ ኣብ ቦታ ስራሕ

የውሃንስ ሚካኤል
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ወድሰብ ንኸኑብርን ቀጻልነቱ ንኸውሕስን ብቐጻሊ ኣብ ስራሕ ክጽመድ ኣለዎ። ማሕበረ-ቁጠባዊ ምኽንያታት ንወድሰብ ሓቢሩ ንኽነብር ዝገብር ረቛሒ እዩ። ዕዮን ሕብረተ-ሰብን ዘይነጻጸሉ ክልተ ኣምራት'ዮም። በዚ ምኽንያት ዕዮ ምስ መንነትን ባህልን ሕብረተሰባት ቀጥታዊ ምትእስሳር ስለዘለዎ፡ ኣብ ኣፍራይነትን ዕብየትን ዓቢ ተራ ይጻወት።

ኣብ ዓለምና ኣብ መንጎ ቁጠባዊ ዕብየትን መንኩብሮ ሰባትን ዘይምዕሩይነት ይረአ ኣሎ። እዚ ተርእዮ'ዚ ዘሰክፍ ኣካይዳ ኮይኑ፡ ሰብኣዊ ክብርታት ደቂ ሰብ ዘዋስንን ንህይወት ዘይትርጉማ ዘውህብ ነገራዊ ድሌታት ዘቐድምን ኮይኑ ኣሎ። ሰራሕተኛታት፡ ዘይንጸሉ ኣካል ቁጠባዊ መስርሕን ኣፍራይነትን ምዃኖም ይጥቀሱ። በዚ መሰረት ስራሕ፡ ንረብሓ ወድሰብ ዘገልግል መስርሕ ብምዃኑ፡ ኩሎም ዝግበሩ ንጥፈታት፡ ሰባት ዘማእከሉን ንናይ ሓባር ረብሓ ዝጠመቱን ክኾኑ የድሊ።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንሸቐለት ዝልውጡ፡ ሓደስቲ ጸለውቲ ረቛሒታት ይቀላቐሉ ኣለዉ። ንኣቶም ከኣ፡ ቴክኖሎጅያዊ ምዕባለታት፡ ዲሞግራፊያዊ ለውጥታት፡ ምስፍሕፋሕ ሱብ ስርሖ ብልሕን፡ ንዓለማዊ ኩነታት ሸቐለት ሰፊሕ ዕድላትን ሓያሎ ብድሆታትን ሒዞም ይመጽኡ ኣለዉ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ዓለማዊ ቅልውላው ብምፍጣር፡ ንዘምድናታት ዕዮ ሓላሊኹ ንማሕበራዊ ሂወት ሰራሕተኛታት ኣብ ዝፈታተኑሉ ግዜ ተበጺሑ ኣሎ። ስለዚ ነዞም ብድሆታት ብግቡእ ብምልላይ፡ ንዘፈጥርዎ ጸገማት ንምፍታሕ፡ ሓባራዊ ዘተ ምኽያድ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ሓባራዊ ዘተ ዝበል ኣምር ብኣገላልጻ ኣህጉራዊ ቤት-ጽሕፈት ዕዮ፡ ''ኣብ መንጎ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታቶምን ንሓፈሻዊ ኩነታት ስራሕ፡ ንሰዓታት ስራሕ፡ ንሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን፡ ደሞዝን ካልኦት ጥቕምታትን፡ ንስልጠናን ኣወሳስዳ ዲስፕሊንን ወዘተ ዝግበሩ ኩሎም ዓይነት ዝርርባት ሕድገት ብምግባር፡ ክሳብ ናብ ስምምዕ ንምብጻሕ ዝፍጸም ኩሉ ዓይነት ዝርርባት'' ተባሂሉ ይግለጽ።

መሰል ሓባራዊ ዘተ ኣብ ቦታ ስራሕ ምጥቃም ኣገዳስነቱ ኣዝዩ ዕዙዝ'ዩ። ገለ ካብ ብዙሓት ጥቕምታቱ ንምጥቃስ፡ 1.ኣብ መንጎ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ሓድሕድ ምትሕግጋዝ ክህሉ፡ ከም እምነ-ኩርናዕ ኮይኑ የገልግል። 2.ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ምሕደርኦምን ዘሎ ጋግ ብምጽባብ መዛተዪ ባይታ ይፈጥር። 3.ሓድሕድ ብምኽባር ግሉጽነት ኣሰፊኑ፡ ንኽልቲኦም ወገናት ብዘርብሕ መንገዲ ናይ ሓባር ውሳነ ንኽበጽሑ የተባብዕ። ብዘይካ'ዚ እዚ፡ ኣብ ርእሲ ጥዑይ ዝምድናታት ስራሕ ምፍጣሩ፡ ሰራሕተኛታት ምስ ኣስራሕቶም፡ ኣብ ወሰንቲ ጉዳያት ዝዛተዩሉ ግዜ ድምጾም ንኽሰምዑ የኽእሎም።

ተወሰኽቲ ኣብ ናይ ሓባር ዘተ ከም ኣምር ዝኾነቱ ረቛሒታት'ውን በዚ መዳይ ክግለጹ ይኽእሉ።

### 1.ውክልና ሰራሕተኛታት፡

መሰላት ምውዳብን ሓባራዊ ዘተን፡ እቶም ዝዓበዩ መሰላት ዕዮ ምዃኖም ዝፍለጥ'ዩ። ሓደ ማሕበር ኣብ ኣመሰራርታኡ ንጡፍ ተሳትፎ ወከልቲ ሰራሕተኛታት ንክህልዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ከም ወጽኢቱ፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ማሕበር ዝርከቡ ውልቀ-ሰባት፡ ብመንገዲ ወከልቶም ኣብ እዋን ዘተ ብሓደ ድምጺ ብምጥባቕ፡ ድምጾም ከም ዝስማዕ ይገብሩ።

### 2.ጽምዶን ምብህሃልን:

ክልቲኦም ተወዓዓልቲ ወገናት (ሰራሕተኛን ኣስራሕን)፡ ኑቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ጽላታት ዘለዉ ኣካላት ብምውካል፡ ኣካል ናይ ዝሰፍሐ ልፍንቲ ብምዃን ውዳበኦም ምስ ዘሐይሉ፡ ድምጾም ብቐሊሉ ከቃልሑ ይኽእሉ። ሓባራዊ ዘተ ድማ፡ ናይ ሓባር ረብሓ ንምርግጋጽ፡ ዕዉት ፍረ ክሕፈስ ዘኽእል መሳርሒ ስለ ዝኾነ፡ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ነዚ ቅዱስ ዕላማ ክዉን ንምግባር ቀጻሊ ጻዕሪ የድልዮም።

ስሩዕን ክፉትን ናይ ምብህሃል መድረኻት ዘለዎ ትካል፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታትን ሓለፍቶምን ዕዉት ዘተ ንኽካየድ የኽእል።

### 3.ዝርርብን ዘተን

ናይ ምብህሃል ክእለት ዘይብሎም ሰባት ዕዉት ዘተ ከካይዱ ኢልካ ዝሕሰብ ኣይኮነን። እንተኾነ ወከልቲ ማሕበራት ሰራሕተኛታት፡ ፍሉይ ስልጠና ዘተ ብምውሳድ ናይ ምብህሃል ዓቕሞም ከማዕብሉ ዘይከኣል ኣይኮነን። በዚ መሰረት እቲ ዝካየድ ሓባራዊ ዘተ፡ ዝኣክል ናይ ምብህሃል መስርሕ ሓሊፉ ስምምዕ ምስ ተገብረ፡ ኣብ መፈጸምትኡ ክበጽሕ ይኽእል።

ነዚ ስዒቡ፡ ኣብ መንጎ ኣስራሕን ሰራሕተኛታቱን ዘተላዕሉ ኩሎም ኣገደስቲ ጉዳያት ማለት ደሞዝ፡ ኩነታት ስራሕ፡ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን፡ ካልኦት ጥቕምታትን ናይ ስራሕ ክፍፍልን ዝኣክል ዘተን ተኻይዱሉ፡ ሕድገት ብምግባር ክልቲኦም ወገናት ኣብ ዘርብሕ ስምምዕ ክበጽሑ ኣለዎም። ብኣንጻሩ ዕዉት ናይ ዘተ መኣዲ ዘይብሉ ትካል፡ ሰላማዊ ዝምድናን ኣፍራይነትን ክፈጥር ይትረፍ፡ ህላውኑቱ ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣቱ።

### 4.ምስናድን ምትግባርን

ኣብ መንጎ ኣስራሕትን ሰራሕተኛታትን ዝኣክል ሓባራዊ ዘተ ምስ ተኻየደ፡ ኣብ ዝተረዳድኡሎም ዛዕባታት ኣመልኪቶም፡ ሓደ ውዱእ ሓባራዊ ስምምዕ ክንደፍ ኣለዎ። ሓደ ሓባራዊ ስምምዕ ብግቡእ ተሰኒዱ ንኽበሃል፡ ናይ ኣፈታትሓ ክርክራት ስነ-ስርዓት ዘለዎን፡ መሰልን ግቡኣትን ክልቲኦም ወገናት ዘከጽር ትሕዝቶ ክህልዎን ኣለዎ። ኣብቲ ናይ ትሕዝቶ ሓባራዊ ስምምዕ ክኸውን ዝኽእል ብመንጽር ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ምርኣይ'ውን ይከኣል።

ዓንቀጽ 102 ኣዋጅ ዕዮ ኤርትራ ቁ.118/2001 ከም ዝሕብሮ ሓባራዊ ስምምዕ ከማልኦም ዘሎዎም ረቛሒታት ብንጹር ኣስፊሩ ይርከብ።

- ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት፣
- ደሞዝ፡ ዕብየት፡ ምቕያርን ምጉዳልን ሰራሕተኛታት
- ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ
- መምርሒ ስራሕን ኣፈታትሓ ክርክራትን
- ሰዓታት ስራሕን ናይ ዕረፍቲ ግዜን
- እቶት ዝዓብየሉ ኣገባባት
- ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን
- ትርጉም ሕግን ሓባራዊ ስምምዕን፡ ዝኸቕሉ ክርክራትን ዳንነት ሽምግልንኡን ይርከብዎ።

ሓባራዊ ስምምዕ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣምር ብምዃኑ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ይርከብ። ኣብ ባይታ ንውጽኢታውነቱን ተግባራውነቱን ዝሕግዙ ገለ ተወሰኽቲ ነጥብታት ምዝርዛር'ውን ይከኣል እዩ።

### 1.ሕጋዊ ባይታ

ትግባረ ሓባራዊ ስምምዕ ብዘምልከቶ ብዓል ስልጣን ምስ ጸደቐ፡ እቲ ሓባራዊ ስምምዕ ንኹሉ ትካላዊ ኣሰራርሓታት ንኽመርሕ፡ ኣብ ተግባር ክውዕል ኣለዎ። ተወዓዓልቲ ወገናት ግቡኦም ኣብ ምፍጻም ጥሕሰት ምስ ዝፍጽሙ፡ ሓባራዊ ዘተ ሓያል መተግበሪ ስነ-ስርዓት ክህልዎ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ።

ብሓጺሩ፡ ክልቲኦም ወገናት ዘየረዳድኦም ጉዳይ ምስ ተኸስተ፡ ኣብ ክንዲ ፈቒዶ ኣብያተ-ፍርዲ ኮለል ብምባል ግዜኦምን ገንዘቦምን ዘጥፍኡ፡ ኣብ ሓባር ስምምዖም ዘስፈርዎ ኣፈታትሓ ክርክራት ስራሕ ተጠቒሞም፡ ብዕርቅን ሽምግልናን ኣብ ስምምዕ ክበጽሑ ዝቐለለ ይኸውን።

### 2.ምትሕግጋዝ ዝዓሰሎ ኣከባቢ

ሓባራዊ ዘተ፡ ኣብ መንጎ ሰራሕተኛታት ባህሊ ዓያይነት ብምፍጣር ኣብ ጉጅለኣዊ ስራሕ ክነጥፉ ይሕግዝ። ብኣንጻሩ ድኹም ምሕደራ ኣብ ቦታ ስራሕ ንገሲጋሰ ሓባራዊ ዘተ ዕንቅፋት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነታት፡ ሓያል ዝኾነ ናይ ምብህሃል መድረኽ ምስ ዝህልወካ ግና እቲ ጸገም ብቐሊሉ ክውገድ ዝከኣል'ዩ።

### 3.ናብ ርሑቕ ዝጠመተ ጥቕምታት

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ሓባራዊ ዘተ ንሰራሕተኛታት ኣብ ዘሻቕሉ ጉዳያት ብኣግኡ ፍሉይ ኣቓልቦ ብምሃብ፡ ክርክራት ኣቐዲምካ ብምፍታሕ ኣብ ቦታ ስራሕ ዕጋበት ስራሕ ከም ዝህሉ ይገብር። እዚ እናኾነ ግን፡ ሓባራዊ ዘተ ኣብ ግዝያዊ ጥቕምታት ዘተኮረ ክኸውን የብሉን። ብተወሳኺ'ውን ቀጻሊ ጻዕርን ትግሃትን ከየርኣኹ ኣፍራይነት ክዓቢ'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ካብ ክዉንነት ወጻኢ ስለዝኾነ፡ ጠመተ ናብ ናይ ርሑቕ ረብሓ ማለት ሓባራዊ ራህዋ ክኸውን ኣለዎ።

ሓባራዊ ዘተ፡ ባህሊ ዓያይነት ኣዕቢዩ ሓባራዊ ረብሓ ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ፍቱን ስትራተጂካዊ መሳርሒ'ዩ። ኣስራሕቲ ድማ ተራ ሰራሕተኛታት ኣቃሊሎም ከይረኣዩ ልዑል ግምት ብምሃብ፡ ክፉት ናይ ምብህሃል ባይታ ክርሕውሎም ይግባእ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ጥጡሕ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ብሓባር ክጉዓዙ የኽእሎም።

ሕሉፍ ተመኩሮታት ከም ዘጽርዖ፡ መሰል ሓባራዊ ዘተ ተጠቒምካ ኣብ ስምምዕ ንምብጻሕ ነዊሕ ጉዕዞ ዝሓትት'ዩ። ዕዉት ዘተ ንምክያድ፡ ቅኑዕ ኩነት-ኣእምሮን ዘየቋርጽ ድሌትን፡ ልዕሊ ኹሉ ድማ ዘይጽንቀቕ ዓቕሊ የድሊ። ከም'ቲ ምስላ ኣቦዋት፡ "ላም ፍርቂ ጎድና ኣይትሰብሕን" ዝብልዎ፡ ኣስራሕቲ'ውን በይናዊ ረብሓ ቀጻልነት ከምዘይብሉ ኣሚኖም፡ ጸጋታት ትካሎም ምስ ሰራሕተኛታቶም ብሓባር ክቋደሱን፡ ኣፍራይነት ትካላቶም ንምዕባይ ክጽዕሩን መድረኻዊ ግቡኦም ምዃኑ ክፈልጡ የድሊ።



# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ሓይሊ ዊነር፡ ከም ስሞም ዊነር እዮም” ተመራቒ 38 ዙርያ ኣቤል ዮናስ

ኣቤል ዮናስ ጎይትኦም ይበሃል። ኣብ 2003 ኣብ ከተማ ለንደን ተወሊዱ። ካብ 1ይ ክሳብ 4ይ ክፍሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰትወት ፍላሚንግ ተማሂሩ። ብድሕሪዚ ኣብ 2012 ናብ ሃገሩ ብምምጻእ ካብ 6ይ ክሳብ 8ይ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፊንላንድ ሚስዮን ኣስመራ ተኸታቲሉ። ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንዳ ማርያም ቀጺሉ። ዝቐጸለ ገዛዥ ትምህርቱ ከኣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብምኽታል፡ ናብ ዩንቨርስቲ ዘእትዎ ነጥቢ ስለ ዝረኸበ፡ ካብ ዩንቨርስቲ ኬንት ብኮምፕዩተር ሳይንስ ብ1ይ ዲግሪ ተመሪቑ። ድሕሪዚ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎቱ ንምፍጻም፡ ምስ መበል 38 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ኣቕኒዑ። ኣብ ዕለተ መመረቕታ 38 ዙርያ ተረኺብና ምስ ኣቤል ቃለ-መሕተት ኣካይድና ነይርና። ሰናይ ንባብ።



**- ፈለማ እንቋዕ ኣሐጎሰካ፤**

ሓጎስ ኩላትና።

**- ህይወት ታዕለም ከመይ ተዛዚሙ፤**

ወርቂ!

**- ካብ ዓዲ እንግሊዝ ኢኻ መጺኻ፡ ሳዋ**




**እትው ምስ በልካ እንታይ ተሰሚዑካ፡ ሳዋኸ ከመይ ረኺብካያ፤**

እቲ ዝገርመካ ዝኾነ ሰብ፡ ብዛዕባ ሳዋ ብዙሕ እዩ ዝዛረብ።

**- ከመይ፤**

ኣነ ንሳዋ ቅድሚ ሕጂ ብኣካል ኣይረኣኹዋን። ሳዋ ብዕላልን ኣብ ሰክረንን ጥራይ እየ ዝፈልጣ። ገሊ፡ ሳዋ ደኣ ክብርትዓካ እዩ ይብሉኻ። ገለ ድማ ቀሊል እዩ ይብሉኻ። ኣነ ግን “ዝመጽእ ይምጻእ ክኽእሎ እየ። ካብ ብጾተይዶ ክሓምቕ ኣለ” ብልዕል ርእሰ ምትእምማን ስለ ዝተበገስኩ፡ ዝኾነ ብድሆ ኣየጋጠመንን። ዋላ ኣብቲ ፈለማ እትው ምስ በልኩ ኮማን ኣይፈራሕኩን - ኣይተጓየሽኩን። ኣብ 5ይ ክፍለ-ሰራዊት ማለት 5221 እዩ በጺሐ። ኣብዚ ዝዘክሮ ደቂ-ሓይለይ “ንሕና’ኳ ኩሉ ነገራት እናሓደሰና፡ ንዓኻ ግን ዋላ ሓንቲ ኣይተሰመዓካን፡ ኣይሓደሰካን“ ይብሉኒ ነይሮም። ክብረት ይሃቡ ዓለምተይ’ውን የድንቑኒ ነይሮም።

**- ስለምንታይ እዩ ዘይሓደሰካ፡ ሰብ ኩሉ**

**ግዜ ንሓደ ቦታ ስለዝገጥሞ ማለተይ እዩ፤**

እንታይ ይመስለኒ፡ ኣነ ክብበስ እንከለኹ ንርእሰይ የእሚኖ እየ ወሪደ። ዝኾነ ይኹን ክብደሆ ምኽንያቱ። ደሓር ኩሉ ኣብኡ ዘጓንፈካ ምስ ሰብካ ምኽኑ’ውን ክትኣምንን ክትፈልጦን ኣሎካ። ጥዑምን ሕማቕን ዘይብሉ የለን። ኤርትራዊ ንዝጋጥሞ ነገራት ብዓሚ ምኽኑ እናተመሃርኩ እየ ዓብየ። ክትምክሮ ጥራሕ እዩ ዘሎካ።

- ንሽኻ ተወሊድካ ዝዓበኻሉ ቦታ ኣብ ወጻኢ ምስ ምኳኑ፡ ምስቲ ናይቲ ትነብረሉ ባህሊ ብምዝማድ ኣብ ሳዋ እትው ኢልካ ምስ ካብ ኩሉ ከርንዓት ሃገርና ዝመጽኡ መንእሰያትን ባህልን ምስ ተራኺብካ ከመይ ተወሃሂድካን ተሳኢኻ፤

ሓይለይ ሓይሊ ዊነር እንድዩም ዝበሃሉ፡ እታ ቁሩብ ንዓይ ተታሓሳስበኒ ዝነበረት ኮማን ንሳ እያ። ፈለማ ምስ ኣተኹ ምስ 140 ሰብት ኣብ ሓንቲ ሓይሊ. “እኽእሎዶ እኸውን፡ ምስ ባህርያቶምስ እሰማማዕዶ እኸውን” ዝብል እዩ ነይሩ። “ኮታስ ከመይ ገይረ፡ ምስ ብዙሓት ሰብት እወሃሃድ” ኣብ ርእሰይ እናተመላለሰ ዝረብሸኒ ዝነበረ ሕቶ እዩ። እንተኾነ እቶም ኣብኡ ዝጸንሑኒ ደቂ ሓይለይ ብሓፈሻ መንእሰያት ሳዋ ዘገርም እዩ። ብፍቕርን ሞራልን እዮም ተቐቢሎምኒ። ቦርሳይ ተቐቢሎም ብደርፊ “ሆ” እናበሉ ተቐቢሎምኒ። ከመይ ዝበሉ ክቡራት ሰብት እዮም እንድዒ መግለጺ እየ ዝስእነሉ። ባዕሎም ዓራተይ ኣንጺፎም፡ ናብ ባኞ ማይ ጓሪቶም ንዓ ተሓጸብ ኢሎም ክትኣምኖ ዘጸግም ክብረት ለጊሶምለይ። እዚ ኣብ ህይወተይ እቲ ዘይርስዖ ገጽት ሳዋን መንእሰያታን እዩ። ናይ ብሓቂ ሓይሊ ዊነር ከም ስሞም ዊነር እዮም ኢለ። ዓድናስ ፍቕሪ ምኽኑ ተረዲኡ። እንተረኣኻዮስ ኣብዚ ዓድና ኩሉ ሰብ ከምኡ እዩ።

**- ንኽትወሃሃድ ኣይተጸገምካን፤**

ብፍጹም ኣይተጸገምኩን። ኣብኡ ኩሉ ብሄራት ኤርትራን ኩሉ ዓይነት ሰብን እዩ ዘሎ። እቲ ዝገርመካ ኣብ ዝኾነ ዝጉብርዎ ንጥፈታት ንዓይ ካብ ደገ እንድዩ መጺኡ ኢሎም ኣይፈልዩንን። ኣብ ደርፊ፡ ማእዶት፡ ወፍሪ፡ ጨፈራ፡ ዕላል ምስኦም ኣሎኹ። ኣዝዩ እየ ዝፈትዎም። ንሶም ከኣ ከምኡ። ፍቕርን ሓድነትን እዮም ዝምህሩኻ። በቃ ካብ ጉኖም ኣይፈልዩንን። ሕሉፍ ሓለፎም እንታይ ይብሉኒ ነይሮም ይመስለካ፡ ካብ ሓልዮት ዝተበገሰ እንደዩ፡ “ደሓን ንሽኻ ኣይትሰራሕ” ይብሉኒ ነይሮም። ኣነ ግን ከምኡ ምስ በሉኒ፡ መለሱ ሞራል ይሰምዓኒ። ካብኦም ክፍለ ኣይደልን። ኩሉ ንሶም ዝጉብርዎ ክጉብርን ክማሃርን ድማ ካብ እግሮም ኣይፍለን።

**- እሞ ከምዚ ትብሎ ዘለኻ ካብ ኮነ፡ ካብ ሳዋ ወሪድካ እትብሎ ነገራት እንታይ እዩ፤ ንሳዋ ግለጻ እንተ ዝበልካ ብኸመይ ምገለጽካያ፤**

ሳዋ ማለት ኑብሸኻ ምኽኣልን ምፍላጥን ኢያ። ምስ ሰብት ከመይ ገይርካ ሓቢርካ ከም ትነብርን ጸገም እንተ ደኣ ኣጓኒፉ’ውን ከመይ ገይርካ ትፈትሖ እትምህር ዓብዪ ቦታ ኢያ። ብሓፈሻ፡ ሳዋ ምስ ኮማኻ ዝኣማስሉ ብዙሓትን ኣሽሓትን መንእሰያት ከመይ ገይርካ ከም ትመሃር፡ ትሰርሕ፡ ከም ትፋቶር . . .

ምስ ንዱዓት ሰብት እተላሊ. ኣገዳሲት ናይ ኤርትራውያን መንእሰያት ገዛ ኢያ ክብሉ እኽእል። ከም ባህሪ ሰብ ስለ ዝኾንካ፡ እንተ ደኣ ከም ገለ ኢልካ ምስ ገለ ሰብት ተኹራሪርካ፡ እቲ ምኽራይ ከምዚ ናይ ሓውን ሓብትን እዩ፣ ቀልጢፍካ ኢኻ ትርስዖ። ኩሉ እቲ ኣብኡ ዝግበር ናይ ፍቕሪ ነገራት እዩ። ስለዚ ኩሉ ኑብሶም ፍቕሪ እዮም። ሕጂ እቲ ኣነ ዘተሓሳስበኒ ካብ’ዚ ምስ ተፈለኹዎም፡ ፍቕሪ ስለ ዝመሃሩኒን ዘርኣዩኒን ክናፍቐም እየ። ኣብ ልበይ ዘይርሳዕ ኣሰራት ኣለዎም። ኣድራሻኦም ስለዘለኒ ግን ወትሩ ክረኽቦም ክፍትን እየ።

**- እሞ ኑየም ኮማኻ ዝኣማስሉ ኣብ ደገ ዘለዉ ኤርትራውያን ደኣ እንታይ መልእኽቲ ኢኻ ከተሕልፍ፤**

ኩሉ እቲ ኣብ ሳዋ ዝተመሃርኩዎን ዝረኸብኩዎን ፍልጠትን ሓቂታትን ክሕብሮም እየ።

**- ኣብ ሳዋ ዘይትርስዖ ዝስሕቦ ዝበሪ ነገር እንታይ እዩ፤**

ኣብ ግዜ ምሸት ምስ ተኣኪብና፡ ኣብ መሬት ኣሳፊሕና ኮፍ ብምባል፡ እቶም



ምሩቕ ኮምፕዩተር ሳይነስ ኣቤል ዮናስ

ኢያ - ሳዋ። ኣብ ሳዋ፡ ክዳንካ ባዕልኻ ትሓጽብ፡ ባህሊ ስራሕን ስሩምግቦርን ትመሃር፡ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ትኸስብ፡ ብሓገሰን ቃንዛን ብጺትካ ትሕገሰን ትቕዘዝን፡ ፍቕሪ ስድራቤትካ፡ ህዝበኻን ሃገርካን ተዕቢ። ናይ ሳዋ ነገራት ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን።

**- ማእዶት’ከ ከመይ ትዝክሮ፤**

(ሰሓቕ) ኣነ ካብቲ ደስ ዝበለኒ ዝበረ ኣብ ሳዋ፡ ወፈርካን ሃሊኽካን ማለት



ከራር ዝኽእሉ ኣብ ቅድሚ ስሎታ ክደርፉ እንከለው፡ እዚ ብፍጹም ኣይርስዖን እየ። በቃ ጀሚሮካ ኢኻ ትሰምዖ፡ እቲ ደርፍታት ኣብ ስምዒት እዩ ዘእትወካ፡ ካብኡ ፍቕሪ ህዝበኻን ሃገርካን ኢኻ ትመሃር። ናይ ናፍቖትን ማእዶትን ናይ ፍቕርን ጥምረትን ዝገልጽ እዩ እቲ ዝደርፉልና ዝነበሩ ደርፍታት። በቃ ናይ ህይወት ደርፍታት እዩ። ንዕኡ እናሰማዕካ ድማ ትሕይልን ትተባባዕን። ካብ ሳዋ ኮማን ውጻእ ኣይመጽኣካን እዩ። ኣዚኻ ኢኻ ትሕጎስ፡ ዋላ ኣነ ኮማን ካብ ሳዋ ክወጽእ ኣይብህገን እየ።

**- (ሰሓቕ) እሞ ተዳሎ ኣብዚኣ ከትተርፍ፤**

ኣብይ’ሞ ትጉብሮ፡ ጸቡቕ ነይሩ።

**- ኣቤል፡ ካብ ሳዋ ከሰብካ ወይ ወሪድካ እትብሎ ነገራት እንታይ እዩ፤**

ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። ኑብሸኻ ምኽኣልን ኑብሸኻ ምምሳልን ትመሃር። ከምዚ ክብል ከሎኹ፡ ከመይ ይመስለካ፡ ብፍላይ ኣነ ኣብ ዝቕመጠሉ ሃገር፡ ካብ ዝበለጸ ዝሰተ ነገራት ጀሚርካ ኩሉ ኣብ ገዛኻ እዩ ዝቐርበልካ። ኣልዒልካ ምብላዕ እዩ። ሳዋ ግን ከመይ ገይርካ ሓደ ምሉእ ሰብ ትኸውን ኢያ ትምህረካ። ኣገደስቲ ነገራት መሰዋእቲ ከፊልካ ከም ዝርከቡ እተርኢ. ማስትያት ስራሕካ ክትኣቱ እንከለኻ እዩ። መንፈስካ እዩ ዝሕደስ፡ ኣብ ህይወትካ ገለ ነገር ከም ዝሸሰኻ እዩ ዝርደኣካ። በቃ ምስ ደቂ ሓይልኻ ሞራል እዩ ዝሰመዓካ። ኣነ ክሰርሕ ኢለ ኣፍራዛ ወይ ባዴላ ክሕዝ እንከለኹ፡ ካብ ሓልዮት ዝተበገሰ “ኖ! ኖ! ደሓን ንሽኻ ጋሻ ኢኹ ሃብ!” ኢሎም ካብ ኢደይ መንጠሎም እዮም ዝሰርሑ። ኣነ ከኣ ክፍትኖ ኣለኒ ብምባል ካብኦም ከይተረፍኩ እሰርሕ። ንሶም ከኣ ብዝገዳስኩ ከመይ ገይርካ ኣግራብ ትጽልጽልን ትቕጥቅጥን፡ ኣፍራዛ ሒዝካ ትኸዕት፡ መንደቕ ትሃድቕ፡ ማይ ትጓርት የርእዩኒ። ካብ ዝኾነ ንጥፈታት ክተርፍ ኣይደልን እየ። ኑብሰይ ክህንጽ ኣሎኒ። ካብኦም ፍቕርን ምኽባርን ተማሂረ።

**- ዓለምትኻኸ ከመይ ትዝክሮም፤**

ናይ ዓለምተይ ከኣ ሕልፍ ዝበለ እዩ። ኣብ ኩሉ ንጥፈታተይ ዓቢ ፍቕሪ ኣርእዮምኒ። ፍሉያት ሰብት እዮም። ኣብዘን ናይ መጀመርታ ኣብ ሳዋ ዝኣተኹለን መዓልታት ብፍላይ ሓደ ሰሙን ዝኸውን ከዕርፉኒ እዮም ሓሲቦም። ኣነ ግን፡ “ኖ ከዕርፍ ኣይኮንኩን መጺአ” ኢለ ኣብየዮም። ኣብታ 2ይቲ መዓልቲ ምስ መተዓልምተይ ወፈረ እብለካ።

**ይቕጽል...**



ኣቤል ምስ ደቂ ሓይሉ



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ምብራቕ መብራህቱ ኣብይ፡ ኣደይ ትምኒት ወልዱ ዳምር ስለዝዓረፈት፡ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሰናይት የሴፍ ተወልደ፡ ኣቦይ የሴፍ ተወልደ ገብረመድህን፡ ኣደይ ኣሶኩ ፍረሚካኤል ዑቕባዝጊ ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ 2 ተተኻእቲ ደቂ ሓፍተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ፕሮፌሰር ፍቕረየሱስ ፍሊፕ ካሳ እምሃጸየን፡ ምባል ተረፉ፡ ፍቕረየሱስ ካሕሳይ ሳህለ እምሃጸየን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣቶ ሰረቐ ዑቕቦሚካኤል ገብረመድህን፡ ሓፍትና ሳባ ዑቕቦሚካኤል ገብረመድህንን ሓውና የውሃንስ ዑቕቦሚካኤል ገብረመድህንን ስለዝዓረፉ፡ ወላዲቶም ግደይ ካሕሳይ ከምኡ'ውን ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሳምራዊት ገብረእግዚኣብሄር፡ ብፀማዚታ ገይራ፡ ወላዲ ኣቦይ ነፍ/ገብረእግዚኣብሄር ባርኣ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓወት ኀይትኦም መብራህቱ፡ ስም ኣደይ፡ ሰናይት ተወልደ ከፊይ ምባል ተረፉ፡ ልችያ ቀሺ ክፍላይ ዘርኣኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/08/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሄዋን ወልደኪዳን፡ ብዓል ቤተይ ነጋሲ ወልደማርያም ስለዝዘተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን04/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

የሴፍ የማነ ኣብይ፡ ኣቦይ የማነ ገብረየሱስ ዓንደሚካኤል ስለዝዓረፈ፡ ንኣደይ ወ/ሮ ለተብርሃን ተኽላይ ገ/መስቀል ናይ መጻምዲ ማሰላ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ከኣ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዱብርዋ

ሜላት ኣማኑኤል ኪዳነ ምባል ተረፉ፡ ሜላት መሓመድኑር ማሕሙድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 9/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ተጸዋዕቲ ወረ/ነ/ሄር የውሃንስ ናፍዐን ወረስቲ ነ/ሄራት ምርያም ደብሩ ጸየን የውሃንስ ናፍዕ +10 ወረ/ዝሄር ሳሚኤል የውሃንስ፡ ኣልማዝ ሳሚኤል የውሃንስ +1 ወረስቲ ነፍሰሄር ኣማኑኤል የውሃንስ ናፍዕ ኢሊም ኣማኑኤል የውሃንስ +3፣ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ምቅሊት ውርሲ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪልኩም ን06/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ንሕብር፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ሸሪፍ ዐስማን መሐመድ ምባል ተረፉ፡ ሸሪፉ ዐስማን መሐመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/9/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጎልጅ

ሚዛን ደብሳይ ክፍሎም ምባል ተረፉ፡ ሚዛን ደብሳይ ኣስገዶም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 28/8/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ወ/ሮ ስምረት እዮብ ገብሩ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 00016407 ቁጽሪ መዝገብ 061296 ኣብ ዞባ ደብብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ/ከተማ ምሰሎም ዝርከብ ናይ መሸጣ መግብን መሸጣ ሰጋን ትካለይ፡ ንኣቶ ሙሴ ኣስመሮም ደሳለ፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ/ከተማ መረብ ተለፎን 07292663፣ ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 01/08/2029 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ፡፡

ስምረት እዮብ

---

ኣመልካቲ ተወልደ ንፍታሌም ሃብተጽዮን፡ ካብ ወላዲየይ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ዞባ 01 ምም/06 ጎደና ሎሬንሶ ታእዛዝ ነበር ሓደሽ ጎደና 175-11፡ ቁ.ገዛ 9፡ ስፍሓት መሬት 83.36 ት/ሜ፡ ቁ.ሎታ 7፡ ቁ.ፓርሰል ዞን D ዝርከብ፡ ብቁ.ምስክር ወረቐት 114225 መወከሲ ቁ.136824 ዋንነቱ እተረጋገጸ፡ ብስም ዋንነት ብስመይ ክመሓላለፈ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘሎኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ተወልደ ንፍታሌም

---

ኣመልካቲ ተወልደ ንፍታሌም ሃብተጽዮን፡ ካብ ወላዲየይ ብውርሲ ዝረኸብክዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት፡ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ዞባ 01 ምም/03 ጎደና ኣኽሱም ነበር ሓደሽ ጎደና ዓዲ ኳላ፡ ቁ.ገዛ 24 ስፍሓት መሬት 69.25 ት/ሜ፡ ቁ.ሎታ 8፡ ቁ.ፓርሰል ዞን E ዝርከብ ብቁ.ምስክር ወረቐት 114222 መወከሲ ቁ.136823 ዋንነቱ እተረጋገጸ፡ ብስም ዋንነት ብስመይ ክመሓላለፈ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታዮን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘሎኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡


ተወልደ ንፍታሌም

---

ንሕና ሸየጥቲ 1. ወ/ሮ ሸኻ ሐሴን ዓብደላ +2 ኑና፡ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ፕሎት 17R ቁጽሪ ፓርሰል/ዞን ASP00002631 ፓርሰል "A" ዚፕ ኮድ ማእከል ከተማ 1A173 ጎደና ፊልከት ቁጽሪ ገዛ 68-76 ዝርከብ፡ ስፍሓት መሬት 876.96 ት/ሜ ዘለዎ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዩ ቁጽሪ ንብረት 1:006061 ብዕለት 01/01/2013 ዓ/ም ንዓደግቲ ስለ ዘሸጥናሎም፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግና ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ክንፍጸም ምዃንና ንሕብር፡፡

ወ/ሮ ሸኻ ሐሴን ዓብደላ +2

---



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ኣዝዩ ዘፍቅሮ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቦል 7ይ ዙርያ ተጋዳላይ ሰለሙን ግርማይ ወ/ስላሴ፡ ብዘጋጠሞ ሓደጋ ዝተሰመዓኒ መሪር ሓዘን እናገለጽኩ፣ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ጸጸራት ብምምጻእ ዘቃበርኩምና መተዓብይቲ ደቂ ሰምባልን ቤተሰብን ፈተውትን መሳርሕቱ ኣሃዱ ቴክኒክን ቅብኣታትን ሺላጅ፡ ነበርቲ ዓዲ ሃብረንቃቓን ካብ ውሽጢን ወጻእን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምናን፡ ኣብ ገዛና ብምምጻእ ተኻፊልቲ ሓዘና ዝኾንኩምን፡ ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘና ከም ዝዓጸና ንገልጽ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ወይዘሮ ሰናይት በየነ ገብረ
ምስ ደቃን ምሉኣት ስድራቤትን

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ምም/ከባቢ ማይ ኣንበሳ ጎደና 171/16 ቁ/ገዛ 78 ዝርከብ፡ ወላዲና ነፍ/ኪዳነ ተስፋሚካኤል ቅድሚ 50 ዓመት ካብ መሓመድ ዜን ሰዒድ ዝዓደጎ ገዛ ማብቆል ሰነድ ዋንነት ስለ ዝጠፈኣና፡ ብዘኾነ ይኹን ምኽንያት ምሳይ ኣሎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ብቁ/ስልኪ 07180259 ወይ ናብ ክፍሊ ካዳስተር ቴክኒክን ክሕብር ነግሕጸ፡፡ እዚ ከይከውን ምስ ዝተርፍ ግን እዚ ሰነድ እዚ ከም ጥፉእ ተቖጺሩ መተካእታኡ ክወሃበና ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክንሓትት ምዃንና ንሕብር፡፡

ወረ/ነፍ/ ኪዳነ ተስፋሚካኤል
ኣቶ ግርማጽዮን ኪዳነ ተስፋሚካኤል

---

ብስም በረኸት ገብረሂወት ኣጸቢሖ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00042094 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 716-16 ቁ.ገዛ 28 ዝርከብ ናይ ደኳን ትካለይ፡ ንኣቶ ሰለሙን እምባዩ ገብሩ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጎዳይፍ ጎደና 716-16 ቁ.ገዛ 28፣ ካብ ዕለት 01/03/2026 ክሳብ ዕለት 29/02/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ፡፡

በረኸት ገብረሂወት ኣጸብሃ

---

ተወልደ ጸጋይ ገብረሚካኤል፡ ንብረተይ ዝኾነ ገዛ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማይተመናይ ዚፕኮድ1A143- ከባቢ ሰገን ጎደና 143-7 ፕሎት 160 ፓርሰል E ዝርከብ፡ ኣብ ስፍሓት መሬት 257 ት/ሜተር ዝተደኮነ ቪላ፡ ብዘሐ ክፍልታት፡ 12 ቀንዲ ክፍልታት 8 ሓገዝቲ ክፍልታት ዘለዎ፡ ብሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብመለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM022072/0 ብዕለት 09/06/2026 ብስመይ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፡ ንሃብተጋብር ተስፋሚካኤል መብራህቱ ስለ ዝሸጥኩሉ፡ ናብ ስም ዓዳጊ ክመሓላለፈ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግና ናብ ስም ዓዳጊ ከምዝመሓላለፈ ኣፍልጥ፡፡

ተወልደ ጸጋይ ገብረሚካኤል

---

ኣነ ተቐባሊ ወሃቢቶ ኣቶ ዳኒኤል ካሳ ልኡል፡ ብዕለት 09/03/2026 ካብ ወላዲት ኣደይ ፕሮፌሰር ኣብርሃት ገብረኪዳን ተሰማ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ምም/ን/ዞባ ዱብርዋ ምም/ምሰሎም ጎደና ኣብ ሚኒስትሪ መሬትን ማይን ኣከባብን ቤ/ጽ ካዳስተር ብመለለዪ ቁ.መሬት (PID) 2338.1005 ቁ.ፕሎት 0፡ ፓርሰል 2 ቀንዲ ክፍልታት 7 ሓገዝቲ ክፍልታት 7፣ ስፍሓት መሬት 567.35 ት.ሜ ስፍሓት ገዛ 263.23 ት/ሜ 4BRDB00129070 ዓይነት ገዛ ቪላ ዝኾነ ገዛ ብውህብቶ ስለ ዝዝበትኒ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፈ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘእዝዞ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርያን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ብዘሎኒ ኦርጂናል ሰነዳት ጉዳየይ ክፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ዳኒኤል ካሳ ልኡል
ሕጋዊት ወኪል ፕሮፌሰር ኣብርሃት ገብረኪዳን ተሰማ

ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Boilermaker Fixed plant**
**Number required – (04)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**

**Major Duties and responsibilities**

- To fabricate, assemble, install, and maintain steel structures, platework, pipework, pressure vessels and tanks to required standards in a multi-discipline workshop and site environment.
- This role requires working safely within a shared workshop alongside mechanical fitters, E&I technicians and rubber liners

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Interpret and work from fabrication drawings, isometric drawings, and WPS documents.
- Mark out, measure, cut, bend, roll and assemble steel plate, pipes, and structural sections.
- Fit-up pipe spools, vessels, tanks, chutes, ducting, and structural steel to the required tolerances.
- Use jigs, fixtures, clamps, chains, and overhead cranes for safe assembly.
- Install pressure vessels, tanks, conveyors, and associated steelwork on site.
- Perform repairs and maintenance on worn equipment: patching, plating, replacing sections.
- Carry out hot work under Permit to Work system in shared workshop.
- Strict compliance with HSE rules: hot work, LOTOTO, confined space, working at heights.
- Maintain 5S housekeeping in shared workshop zones to prevent trip hazards and contamination.
- Check material traceability, fit-up tolerances, and report NCRs.
- Operate oxy-acetylene cutting, plasma cutters, gouging equipment, and hand tools safely.
- Perform pre-use checks on grinders, drill and lifting equipment.
- Coordinate daily with welders, fitters, and E&I to avoid conflicting work in shared space.
- Complete work orders, material requests and inspection checklists.
- Mentor and train national boilermakers on safe fit-up and plate work technique.
- Any other duties assigned by the supervisor.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Trade Certificate/Diploma in Boiler making/Fabrication Engineering from a recognized institution.<br>• Any safety certification will be an added advantage |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 5 years post trade experience in heavy industry: mining, power or construction as a boilermaker<br>• Willingness to work in a diverse environment |
| Technical Skills | • Plate rolling, pipefitting, tank/vessel repair, structural steel erection.<br>• Use of measuring tools, Vernier, tape, laser alignment, straight edge.<br>• Confined space entry and working at heights certification. |
| Behavioral Skills | • Safety-first mindset.<br>• High attention to detail for fit-up and tolerances.<br>• Team player able to work with other trades without conflict.<br>• Physically fit and able to work 12-hour shifts, 6-7 days a week depending on workloads and targets<br>• Good communication skills (English)<br>• High level of accuracy<br>• Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

# VACANCY ANNOUNCEMENT

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**CIL Supervisor Plant Maintenance**
**Number required – (01)**
**Type of contract – Definite (2 Years)**

**Major Duties and responsibilities**

- The CIL Maintenance Supervisor is responsible for leading and executing safe, high-quality maintenance activities within the Carbon-In-Leach (CIL) area to ensure plant reliability, availability, and metallurgical performance.
- The role provides frontline supervision of maintenance crews working in the CIL area.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Lead all maintenance activities in strict compliance with site HSE standards and statutory requirements
- Enforce safe work practices including isolations, permits, lock-out/ tag-out, and confined space entry
- Ensure correct procedures for working in cyanide areas are always followed
- Participate in incident investigations, risk assessments, and safety improvements
- Conduct toolbox talks and safety interactions daily
- Supervise day-to-day mechanical maintenance activities on CIL circuit equipment including agitators, slurry pumps, pipework, interstage screens, carbon transfer systems, valves, launders, and structural steel, concentrators and kilns.
- Ensure maintenance tasks are executed to required quality and workmanship standards
- Coordinate breakdown response and prioritize work to minimize plant downtime
- Execute planned and preventive maintenance in accordance with the maintenance schedule
- Work closely with Planning to ensure work orders, materials, and resources are available
- Provide accurate feedback on job execution, durations, and defects
- Support shutdown planning and execution for CIL-related maintenance activities

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Mechanical trade qualification Specializing in Gold process plants<br>• Diploma or Advanced Diploma in Mechanical Engineering (desirable). |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 8 -12 years' experience mineral processing environments Especially gold process plants.<br>• CIL circuits and elution column with additional experience in crushers, mills, conveyors and flotation circuits as well as concentrators, Kilns and smelt house maintenance activities.<br>• This is a Hands-on position and not an office position. |
| Technical Skills | • Strong mechanical knowledge of slurry handling equipment and agitators<br>• Experience with pumps, gearboxes, bearings, screens, and pipework, Concentrators as in Knelson or Falcon, Metso thickeners and Carbon Screens.<br>• Understanding of maintenance management systems (PRONTO or similar)<br>• Ability to read drawings, manuals, and maintenance procedures |
| Behavioral Skills | • Strong commitment to safety and disciplined work practices.<br>• High-quality workmanship with attention to detail.<br>• Effective communicator with good interpersonal skills.<br>• Resilient, adaptable, and able to work in multicultural and challenging environments.<br>• Team player with mentoring and coaching mindset.<br>• Proactive, initiative-driven, and focused on continuous improvement.<br>• Reliable, accountable, and able to work independently when required. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Definite Period( 2 years)
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

11 ክፋል

## ጽፈት ስራሕ



"ዋዒሕ ግዜ ክወስደለይ ይኽእል እዩ ብምባል፡ ንሕልምኻ ኣይተቛርጾ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ግዜ ንዐሉ ክበል እዩ ዝሓልፍ፡፡" - **ኤርል ናይቲንግል**

"ንኽትጅምር ዓቢ ምኳን ኣየድልየካን እዩ፡፡ የግዳስ ዓቢ ንኽትከውን ክትጅምር ይግባእ፡፡" - **ዚግ ዚግላር**

ኣብ ዓለምና ብዘተፈላለዩ ዓውዲ ሞያታት ኣብ ጥርዚ ህቡብነት ዝበጽሑ ሰባት ማእለያ የብሎምን፡፡ ንሳቶም ኣብ ሓደ ረፍዲ ኣይከኑን ክሳብ ብደረጃ ዓለም ህቡባት ወይ ተፈላጥነት ክረኽቡ ክኢሎም፡፡ ፈለማ ካብ ጉዝውቶም ኣትሒዞም እዮም፡ ድልዱል መሰረት ኣንጺፎም፡፡

እቶም ህቡባት ሰባት ንሶም ተጠቒሞም ኣብ ብዙሕ ጸቡቕ ተግባራት ማለት ኣብ ናይ ግብረ ሰናይ ተግባራት ክዋፈሩ ክትርእዮም እንከለኻ፡ ቅዱስ ቅንኢ ከም ዝሓድረካ ክዝብሩኻ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብዘይካዚ፡ ብኻላ ጸቡቕ ስሞም ኣብ ናይ ዓበይቲ ትካላት መወዓውዒ ክሳተፉ ንርእዮም ኣለና፡፡ ኣብ እዚ መዳይ ህቡባት ተዋሳእትን ህቡባት ስፖርታውያንን ዝረኽብዎ መኽሰብ ኣመና ብዙሕ እዩ፡፡

እቶም ህቡባት ሰባት ንዋዒሕ እዋን ዝፍኖም ጸቡቕ ባህርያቶምን ክዕቅቡ እንተ ደኣ ኽኢሎም፡ መኽሰቦም ብእኡ መጠን ተዓጻጺፉ እዩ ዝኸውን፡፡ እቲ መኽሰቦም ተመሊሱ፡ ኣብ ሞያኦም ዝያዳ ከድምዑ ይደርኾም፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ ሞያኦም እንተ ጎዲሎም፡ ብእኡ መጠን ኣታዊታቶም ክጉድል ከም ዝኽእል ኣዳዕዲዖም ይፈልጡ እዮም፡፡

እቶም ህቡባት ሰባት ንዝናኦም ተጠቒሞም፡ ኣብ ዘዩድሊ ነገር - ከም ኣብ ዓመጽ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ካልእ ምትላል ተዋፊሮም እንተ ተረኺቦም፡ መጻኢ ህይወቶም ኣብ ሓደጋ እዩ ዝወድቕ፡፡ ንኣብነት፡ እቲ ንብዙሕ ዓመታት ንጸወታ ጎልፍ ዓብለልዎ ዝነበረ ታይገር ዉድስ፡ ካብ ሓዳሩ ወጻኢ ምስ ብርክት ዝበሉ ደቂ ኣንስትዮ ዘዩድሊ ዝምድና ጌይሩ ምጽንሑ ምስ ተኸሽሐ፡ እተን ምስኡ ኣብ መወዓውዒ ውዕል ዝነበረን ዓበይቲ ትካላት ዓለምና፡ ብእኡ ንብኡ እየን ውዕላተን ሰሪዘን፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ከም እቲ ጸቡቕ ስም ናይ ታይገር ዉድስ መኽሰብ ዘምጽኣለን ዝነበረ፡ ስሙ ምስ ተደወለ ኾኑ ኣደዳ ክሰራ ክጉብረን ከም ዝኽእል ኣይጠፍኣንን እዩ፡፡

ሊቃውንቲ ስነ ልቦና፡ "ስምካ እቲ ዝያዳ ዝኸበረ ዕቑር ሃብትኻ እዩ፡፡" በሃልቲ እዮም፡፡ ሰባት ካብኻ ኩሉ ነገር ክወስዱ ይኽእሉ እዮም፡፡ የግዳስ ንስምካ ክምንዝዑኻ ኣይክእሉን እዮም፡፡

ብዙሓት ነዚ ሓቂ እዚ ኣይፈልጥዎን እዮም፡፡ ክንዲ ዝኾኑ፡ ብዙሕ ግዜ ብስሞም 'ክቋመሩ' ትርእዮም፡፡ ኣብ መጠረሽታ ድማ፡ እቲ ጸቡቕ ስሞም ተፈንፊኑ ይተርፍ፡፡

ኣብ መዚቃ ዓለም ስምካ ግሩን እንተ ዘይኪዩኑ፡ ንፍርያትካ ሃሪፉ ዝሰምዖ ሰብ ምሕር ሐደት እዩ ዝኸውን፡፡ ኣብ ድርሰት ዓለም ስምካ ግሩን እንተ ዘይኪዩኑ፡ ነቲ ንሰኻ ዝደረስካዮ መጽሓፍ፡ ኣንበብቲ ቀሊሕ ኢሎም እውን ኣይጥምትዎን እዮም፡፡ ኣብ ዝኾነ ሞያ ተዋፈር፡ ስምካ ክተዕቢ እንተ ዘይክኢልካ፡ ክንዲ እቲ እትምጽኦ ብዙሒ ዓማዊል ክትረክብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡

ሰባት መን ምዃንካ ክሳብ ዘይፈልጡ፡ ኑቲ ንሰኻ እትወቅሎ ኣቓልቦ ኣይገብሩሉን እዮም፡፡ ሰባት ብጸቡቕ ከም ዝፈልጡኻ ክትገብር ኣሎካ፡፡ እወ ክትዕወት እንተ ኼንካ ኣደህቦ ሰባት ክትረክብ ኣሎካ፡፡

ዝያዳ ኣደህቦ ብዝረኸብካዮ መጠን፡ ኣብ ዝጠዓለ ቦታ ንኽትህሉ ዕድል ይረሓወልካ፡፡ ብእኡ መጠን ከኣ ዝጠዓሉ ሰባት ይጻልሉኻ፡፡ ኩሎም እዞኣቶም ተደማሚሮም፡ ንጸቡቕ ስምካ ጸቡቕ ስራሕ ንኽተበርክተሉ ዕድል ይፈጥሩልካ፡፡

"ንሓደ ሰብ ጥራይ ክትሕግዞ እንተ ኽኢልካ እውን እኹል እዩ፡፡" ክበሃል ሰሚዕና ንኸውን ኢና፡፡ ብርግጽ ንሓደ ሰብ ኣብ ምሕጋዝ ካብ ምብኳር፡ ንሓደ ሰብ ምሕጋዝ ሰናይ ነገር እዩ፡፡

ንሓደ ሰብ ጥራይ ምሕጋዝ እኹል ኣይኮነን ኢሎም ዝምጉቱ ሰባት ከኣ ኣለዉ፡፡ ኣብ እዛ ፕላኔት ኣስታት 8 ቢልዮን ህዝቢ እዩ ዝነብር ዘሎ፡፡ ዝጠዓለ ህዝቢ ድማ ገለ ሓገዝ ዝደሊ እዩ፡፡ ክንዲ ዝኾኑ፡ ሹቶኻ ካብ ንሓደ ሰብ ምሕጋዝ ንላዕሊ ዝዘይድ ክኸውን ይግባእ፡፡

እዚ ክትገብር እንተ ኼንካ፡ ሰባት ንሰኻ መን ምዃንካን ንመን ከም እትወቅልን ክፈልጡ ይግባእ፡፡ እንተ ዘይኪዩኑ፡ ዋላ ንሓደ ሰብ እውን እንተ ኾነ ክትሕግዞ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡

ኣብ ዝኾነ ግዜ፡ ኣብ ዝኾነ ቦታ ክትህሉ ከም ዘለካ ገይርካ ክትሓስብ ይግባእ፡፡ እዚ ንምትግባር፡ ኣብ እቲ እተዋፈርካሉ ሞያ እምብዛ ኣድማዒ ክትከውን የድልየካ፡፡ ኣድማዒ ምኳን ጥራይ ዘይኮነ ቀጻሊ እትዓበን እትማሓየሽን ድማ ክትከውን ኣሎካ፡፡ ብድሕሪዚ፡ ኢኻ ኣብ ዝኾነ ቦታን ኣብ ዝኾነ ግዜን ክትርከብ እትኽእል፡፡

እቲ ቀዳማይ ነገር ክትገብሮ ዘሎካ፡ ብዛዕባ ብስምካ ምጭናቕ ዘይኮነ፡ ብዛዕባ ንስራሕኻ ምጽባቕ ወይ ምጽፋፍ እዩ፡፡ ስራሕካ እናጸበቐ ክመጽእ እንከሎ፡ ብእኡ መጠን ስምካ እናጸበቐ እዩ ዝመጽእ፡፡ ስምካ እናጸበቐ ብዝመጽአ መጠን ከኣ፡ ተጠላቢነትካ እናዓዘዘ ይመጽእ፡፡

ህቡብነትካ እናዓረገ ብዝመጽአ መጠን፡ ዝያዳ ሓላፍነት እናሰከምካ እዩ ዝመጽእ፡፡ ብስራሕካ ንዝረኸብካዮ ህቡብነት ንኽይትኸስር ከኣ፡ ኣብ ስራሕካ ኣድማዒ ንምዃን ብዙሕ ጻዕርን ትምህርትን እዩ ዝሓትተካ፡፡

እዚ ኣቐዲምካ ኢኻ ክትዳለወሉ ዘለካ፡፡ እንተ ዘይተዳሊኻሉ ግዱ ብዙሕ ነገር ክሕደሰካ ይኽእል እዩ፡፡ ምናልባት ህቡብነትካ ኣሰኪፉካ ስራሕካ ክትርስዕ ትኽእል ወይ እቲ ዝረኸብካዮ ህቡብነት ኣጨነቑኻ ኣብ መዋጥር ክትሸመም ትኽእል ኢኻ፡፡

ብዘዋጽእ ተዳሊኻሉ እንተ ጸኒሕካ ግዱ ንህቡብነትካ ከም ጸጋ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ፡፡ ብኻላ ህቡብነትካ ኣብ መላእ ዓለም ደገፍቲ ከም ዘለዉኻ ፈሊጥካ፡ ንዕኦም ዝያዳ ንምሕጓስ ክትብል ወትሩ ኣብ ስራሕካን ምዕባለኻን ኢኻ ትጽመድ፡፡

## ዕላማኻ ምንጻር

ዕላማኻ ስምካን ስም ትካልካን ኣብ መላእ ዓለም ከም ዝሰፋሕፍሐ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ስለምንታይ ኢኻ ኣብ ኩሉ ቦታ፡ ኣብ ኩሉ ግዜ ክትህሉ መረጽካ፧ ሃብታም ንምኳን ባህጊ ስለ ዘለካ ዲኻ፧ ዘይተኣደነ መኽሰብ ምስ ገሓጥካ ኑቲ ገጸዙብ እንታይ ኢኻ ክትገብር፧ ኑቲ ገጸዙብ ኣብ ኣገዳሲ ነገር ከተውዕሎ ዕላማ ኣለካዶ፧

ገጸዙብ ኣብ እቲ ግቡእ መዓልኡ እንተ ዘይወዓለ፡ ብዙሕ ትርጉም የብሉን፡፡ ተመሊሱ እውን ንዓኻ ኣብ ሓደጋ ከውድቐካ ይኽእል እዩ፡፡ ዝያዳ ገጸዙብ ክትከስብ እንከለኻ ንዝያዳ ሰባት ትሕግዘሉ ወይ ንኸኻታቶም ኣብ ምምሕያሽ ትጥቀመሉ እንተ ኼንካ፡ ህቡብነትካ መለሱ እዩ ዝደምቕ፡፡ ብእኡ መጠን ከኣ፡ ኣብ ኩሉ ቦታ - ኣብ ኩሉ ግዜ እትህልወሉ (omnipresent) ዕድልካ ዝያዳ ዝሰፍሐ ይኸውን፡፡

ዕላማኻ ዝያዳ ብዝለዓለ መጠን፡ ኑቲ ኣብ ስራሕካ እትወስዶ ተግባር ዝያዳ ኑዱዲ እዩ ዝህቦ፡ እቶም ህቡባትን ጸለውትን ሰባት፡ ኣብ ኩሉ ቦታ - ኣብ ኩሉ ግዜ ዝህልዉሉ ምኽንያት እምብዛ ብዙሕ እዩ፡ ንሳቶም መጽሓፍቲ ብምድራስ፡ ቃለ መጠይቕ ብምግባር፡ ኣገደስቲ ዓንቀጻት ብምጽሓፍ፡ ምስ ዝተፈላልያ ትካላት ጸምዶ ብምግባር፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻትን ኣጋጣሚታትን መደረ ብምስማዕ ... ንህቡብነቶምን ተፈላጥነት ትካሎምን ሰማይ የዕርግዎ፡፡

እዚ ወጽኢት ናይ እቲ ዓቢ ኣተሓሳስባኦም እዩ፡፡ ወጽኢት ናይ እቲ ኣብ ሞያኦም ዘለዎም ውዕወዕ ስምዒት እዩ፡፡ ንሳቶም ወትሩ ዕቤት ከመዝገቡ ከም ዝኽእሉ ንዝእ ርእሶም ስለ ዝኣምኑ፡ ኣብ ሓደ ነጥቢ ክዕኑዱ ንብሶም ከቶ ኣይገብረሎምን እዩ፡፡

ንሻኻ እውን ካብ እቲ ሕጂ እትዓይዮ ዘለኻ ንላዕሊ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ፡፡ ሓንሳእ ንኣእምሮኣዊ ዝንባለኻ ምስ ቅኑዕ ዕላማ ምስ ኣሳሰኻዮ፡ ንቕድሚት ዘወንጭፈካ ስጉምቲ ክትወስድ ኣይጽግመካን እዩ፡፡ ከም ወጽኢቱ ናብ እቲ ቀድሚ ሕጂ ዘይብኣል ዝመስለካ ዝነበረ ደረጃ ክትሓኩር ኢኻ፡፡

ህይወትካ ምእንቲ 'ስራሕ' (እንጀራ ሕሰም) ኩይኑ ከይሰምዓካ፡ ቀድም ቀዳድም ንስራሕካ ብውዕወዕ ስምዒት ከተፍቅሮ ይግባእ፡፡ ኣብ ኩሉ ቦታ - ኣብ ኩሉ ግዜ ናይ ምህላው ሸቶ፡ ወጽኢት ዓቢ ነገር ምሕሳብ እዩ፡፡ ዓቢ ነገር ትሓስብ እንተ ኼንካ ድማ፡ ስራሕካ ኩቶ ክጨንቐካ ኣይክእልን እዩ፡፡

እዚ እዩ እምበኣር፡ ካብ መብዛሕትና ጠፊኡ ዘሎ፡፡ ትጽቢትናን ሕልምናን ምሕር ጸቢብ ይኸውን እሞ፡ ኣብ ጸቢብ ዓንኬል ጥራይ ተሓጺርና ክንሰርሕ ንቕሰብ ኣለና፡፡ ካብ ጸቢብ ዓንኬል ድማ፡ ጭንቀት እምበር ሩፍታ ኩቶ ክትጸብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡

ቀድም ቀዳድም ናይ ገዛእ ርእሰኻ ሕላገት (brand)፡ ሓሳብ፡ ኣምር፡ ትካል፡ ፍርያት ወይ ኣገልግሎት ወይ ... ከተማዕብል ህርዲግ በል፡፡ ኣብ እዛ ፕላኔት ድሙቕ ኣሰር ክትገድፍ ትኽእል ኢኻ፡፡ እዚ ክትገብር ካብ መሰረት ኢኻ ክትጅምር ዘለካ፡፡ እወ ካብ እቲ እትነብረሉ ገዛውትኻ ጀምሮ፡፡ ኣብ ከቢና ዝርከብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ ነፍሲ ወከፍና ብዙሕ ሓገዝ እየን ዝጽበያ፡፡ ኣብ ምሕደራ ገዛውትና ካብ ወፍሪ ጽሬት ክሳብ ምጽግናዕ ሓዘንተኛታት ቀሊል ዘይኮነ ኣበርክቶ ክህልወና ይኽእል እዩ፡፡

ኣብ ገዛውትኻ መን ብጽንዑ ሓሚሙ ከም ዘሎ ትፈልጥዶ፧ ደቂ ኑቲ ሓሚሙ ዘሎ ናትካ ደገፍ የድልዮምዶ ይኸውን፧ ንእሹቶ ሓገዝ ዝበሃል የለን፡፡ ንሻኻ ገለ ሓገዝ ክትገብር እንተ ኽኢልካ፡ ካልኦት ቅዱስ ቅንኢ ሓዲሮም ደድሕሬኻ ገለ ክበርክቱ ይኽእሉ እዮም፡፡ ከም ወጽኢቱ ኑቶም ህጻናት ዓቢ ተስፋ ክትከውንዎም ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ብዝተኻእለካ መጠን ኣብ ናይ ምምሕዳርካ ንጥፈታት ክትሳተፍን ዓቕምኻ ከተበርክትን ይግባእ፡፡ ኣብ ምምሕዳርካ ንዝርከቡ መንእሰያት ኣብ ሕማቕ ንጥፈታት ምእንቲ ከይሸመሙ፡ መሳለጥያታት ስፖርትን ኣብያተ ንባብን ኣብ ከባቢኦም ብቐረባ ንኽረኽቡ ናትካ እጃም ልዑል ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ጸቡቕ ምኽሪ ምልጋስ ንባዕሉ ቀሊል ጽልዋ ኣይኮነን ዘለዎ፡፡

ንዘለካ ወህለል ኣፍልጦ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብምጽሓፍ ወይ ብመልክዕ መጽሓፍ ብምጽሓፍ እውን ጸቡቕ ተመክሮኻ ከተካፍል ትኽእል ኢኻ፡፡ በዚ መንገዲ እዚ ክትረኽቦም እትኽእል ዜጋታትካ ብዙሓት ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ኣይጠፍኣካን እዩ፡፡

ኣበርክቶኻ ሕዙግድፍ ክኸውን ኣይግባእን፡፡ እወ ቀጻልነትን ተወፋይነትን ክፍለዮ ኣይግባእን፡፡ ብድሕሪ እዚ ብዙሓት ሰባት ክርእዩኻ እዮም፡፡ ንጽሑፋትካ ተገዲሶም ክንብብዎ እዮም፡፡ ንኣስተምህሮኻ ጸን ኢሎም ክሰምዕዎ ክድረኹ እዮም፡፡ ብዛዕባኻ ዝሓስቡ ሰባት ወሓዮት ከም ዘይኮኑ ድማ ፍሉጥ እዩ፡፡

ገለ ካብ ዓበይቲ ስነ ጥበባውያን ሃገርና፡ ብሞያኦም ጥራይ ኣይኮኑን ተፈታውነትን ህቡብነትን ኣጥርዮም፡፡ ብመንገዲ ሞያኦም ንብዙሓት ጸገማት ሰባት እዮም ዝሕግዙ ነይሮም፡፡ ንዓገመ ህንጻ ሃገር ተባሂሉ ኣብ ዝግበር ዝነበረ ገሻዊ ዝቕድሞም ኣይነበረን፡፡ ከም ወጽኢቱ ዋላ ንሳቶም ብህይወት እንተ ሓለፉ፡ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ሓወልቲ ክሃንጹ ክኢሎም እዮም፡፡

"ንሓደ ነገር ከም ኣገዳሲ እንተ ወሲድካዮ፡ መንገዲ ትረክብ ኢኻ፡ ሸለል እንተ ኢልካዮ ግዱ ምኽንያት ኢኻ እትረክብ፡፡" - **ርያን ብለር**


"ሰባት ብሸቶኻ እንተ ዘይሰሓቑ፡ ሸቶኻ ንእሽቶ እዩ ማለት እዩ፡፡" - **ዓዚም ምረምጂ**



**ይቕጽል**




# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

01 ሚያዝያ 2019
11:56 ድ.ቀ.

## 'መግሻ ኣርባዕተ' ትኾነለይ



ተሓማይት'የ ኲይነልኪ ዘለኹ ዳየረይ። ሰሚ መሓዛይ እንተ ብልሳና እንተ ብጥበባ ካብ ምዝራብ ልጓማ ኣይሓዘትን፣ "ምቕባል ስኢነኪ፡ እታ ዝፈልጣ'ባ ኮንለይ፡" ትብለኒ። ክትሕመ እንተ ጀሚርካ ካብቲ ዝነበርካዮ ማለት ንኸባቢኻ ካብቲ ዘልመድካዮ ጠባይ እልይ ምስ እትብል'ዩ። ኣነኸ ካበይ ናበይ'የ ተኣሊየ፧ መለሳ ዘይብሉ ኣጋጣሚ ክንደየናይ ከይዝንጥ። ምሕማየይ ሎሚ ሕሉፈይ ክግንጽል ኣኽኢሉኒ። ተበራቢረ'ውን። ካብቲ ቃላት፡ ካብቲ ልሳን፡ ብቓላት ገይረ ከዕልለኪ። ዓይኒ ንዓይኒ ኣብ እንራኸበለን ከመይ'ድየ ዝጥዒ!

"ኣብ ዓለም ንበይንኺ ከም ጐራሕ ምእማንኪ፡ ክሳብ ክንደይ ካብቲ ናይ ትማሊ ህይወት ርሒቕኪ ምህላውኪ ክርዳእ ክኢለ። እቲ እትውጥንዮ ትልሚ፡ ኣብ ባይታ ከም ኣብ ማይ ዝሓደረት ኣጃክስ ክመናናህ ናይ ግዜ ሕቶ'ዩ። ውጺኢት ተግባርኪ ካብ ዘይምዕያርኪ፡ ብልጭ ኢላ ንእትጠፍእ ጋዝ ባህግኺ ብምግባርኪ፡ ሎሚ ኣነ ምምዛን'የ ስኢነኪ። ከምቲ ነገራት ነናቶም መዐየሪ ዘሎዎም፡ ሰብ ከኣ ይምዘን'ዩ። ሓቂ! ውሽጥኺ ስኽፍክፍ እናበለኪ፡ በቲ ሎሚ ዝተላበስክዮ ሓድሽ ገጽ ባህሪ፡ በቲ ደራሲኡ ኣኣብ ኣጋጣሚ ዝለዋወጥ ተዓብሊልኪ። 'ዕድመ ንሚዛን እንዳ እኽሊ!' ከም እተድምጺ ጥርጥር የብለይን። እንበርከስ ቀምነገር ሸፋፊንካ ምልጋጽ እቲ ጸላዕላዕ ዘብለኒ ዘሎ'ዩ።"

"ምምሳል ንዘጋጥሙ ብድሆታት ዝበለጸ ሜላ'ኳ እንተኾነ፡ ከምዚ ናትኪ ግን እንድዒ! ምስ ፕሮፈሰር ፕሮፈሰር፡ ምስ ሽቃጣይ ሽቃጢት፣ ንነብስኺ ንዘወን ንዝብል ኣካል ክትክእሊ ክርእየኪ ከለኹ'ሞ ገለ'የ ዝኸውን። እቲ ዝፈልጦ ብልሕኺ፡ ርእሰ ምትእምማንኪ ናበይ'ዩ ገይሹ፧ ምልሶቱ ክርኢ እምብዛ'የ ተረቢጸ ዘለኹ። ካብቲ ህውተታ ዓለም ተበራቢርኪ፡ 'ኣነ'የ' ክትብሊ፡ ግዜ ምብህሃል፡ ድሌትኪ ምልላይ፡ እዚ ዘለኺዮ ከም ዕፋፎት ተመን ጕሒፍኪ፡ ደቢንኪዮ ንዘለኺ ክትመልስዮ ሎሚ'ያ እታ መዓልታ።"

እትብል ጽሕፍቲ'የ ተቐቢለ።

'ሓቁ ድዩ፧ ማዕረ ክንድዚ'ድየ ሃዲመ፧' እናበልኩ ክሓስብ እጀምር። ኣገላልጻኡ'ኳ እንተ ሓደሰኒ፡ ሕመረት ብህሉ ኣብ ውሽጠይ ካብ ዝሰፍር ቀሊል ኣይገበረን። እታ ናይ መጀመርታ ሕሹኽሹታኡ ጽን ካብ ምባለይ ዝዓግተኒ ዝነበረ፡ ሎሚ ክርእዮ እንክለኹ ብዓቕሊ ጽበት "ብኻ ሕጂ ኩይኑ፡" እብል። እቲ ናይ ምውሳን ድልየት፡ ካብ ትማሊ ሎሚ ዝዛዘየ ኲይኑ ይስምዓኒ ኣሎ። ማለተይ ገለ ክትገብር ከም ዘሎካ ዝነግር ወኒ። ጽባሐይ ንዝደበንኩዎ ዓቕመይ ዝፍሕረሉ፡ መንፈዓተይ ከመይ ከም ዘላ፡ ንዝሻቐሉ ደበስ ሻቕሎቶም ክገብራ'የ። እንታይ ከም ዘጥፋእኩ ተረዲእኪዶ፧ ምውድዳር ከናዲዮ ነቒለ ኣለኹ። ድሕሪ ገለ መዓልታት ልዕሊ 200 ኪ.ሜ ክጓዓዝ'የ። ምቕያር ከኣ ግድን'ዩ። ከምቲ ሓመይተይ ዝበሉኒ ምኳን'ዩ፣ ሸዑ ኣብቲ መገሻይ ክንደየናይ ክጋየሽ።

"ካብተን ናይ ሓንቲ ኢድኪ ዘለዋ ኣጻብዕቲ ሓንቲ ኣጕድልላ'ሞ ብእንግሊዘኛ ንገርኒ፧" በለኒ። ኣነ ከኣ ተጠራጢረ ነዛ ቀላል እናበልኩ "ፎር፡" በልኩዎ።

"በቃ ንሳ'የ ዝደሊ፡" ኢሉኒ። ጽብቐቲ'ባ እዚኣ!

በል ኣፍካ ይሰዓር! ለንቅነ ኣቕሊልካ ኢልካ ምጋሽ የለን ክብሃል'የ ቀንየ። ንገለ ንዋላ ሓደ ትኾነሉ፣ ንገለ መምለሲ ገዛ ኣይስእንን። ንኣይ ግን መገሻ ኣርባዕተ ደኣ ትኾነለይ።

**ወይዘሪት** 14

## 18 09 2010



ኣብዛ ጽምዋ፡ መንበረይ ኣጣጢሐ ስቕታይ ኣዊጀ፡ ኣማዕድየ ንማዕዶ። ምስዚ ዝሕልሕል ዝበለ ሸውሸውታ ንፋስ፡ ቅርዓት ውሽጠይ ጀሚሩ ከስተንፍስ። መኣስ መተንፈሲ እረኽብ ኣየስተውዕሎን'የ። ብዙሕ እዋን ግን ኣብ ከምዚ ዝበለ ጽምዋ፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ከም ምዉቕ ማይ ዝጣዕሙ ጥዑም ኵነታት ኣየር ዓለመይ'የ ዝቕይር። ውኖይ ኣጥፊአ'የ ክሓስብ ዝውዕል። ምስ ነብሰኻ ዕንኪሊል ክትብል ትውዕል። እዋን ኣሎ ብዛዕባ ክገብሮ ዘይከኣል እሓስብ፣ እዋን ኣሎ ዝሓለፍኩዎን ዝደየብኩዎን ኵርባ፡ ዝወረድኩዎ ሩባ፡ ዝተሰግረ ስንጭሮ፡ ኵሉ ዝዝክሮ።እዋን ከኣ ኣሎ ሓኹረ ሰማይ፡ ጠፈር ዝነቦ፣ ኣብ ኣድማስ ኲሊለ ደረተይ ዝስእኖ። ሎሚ ከኣ ሕልፊ ኵሉ፡

ዝኾነ ገዲፈ
ክድንቁር መሪጸ
ክጽዕዱ 'ቲ ልበይ
ምልእ ክብለለይ

ምሓሸኒ ይኸውን'ዩ። ንኹሉ ሰብ'ውን ምሓሾ። በቲ ኲይኑ በቲ እንታይ ዘይተሓሰበ፡ ኣብዛ ሓጻር ስቕታ ኣብ ኵሉ በጺሐ። እንተኾነ፡ ሓደ ብምኳነይ ንኹሉ መኣስ እኽእሎ፣ ብዘይካ እቲ ዓቕመይ። እቲ ክሕሰብ ዝከኣል ብዙሕ'ዩ። ኣብዛ እዋን ስቕታ ዝጠቕመኒ ሓሳብ ኣይስእንን እየ። ዘጸልለኒ ሓሳብ'ውን ከምኡ። 'ምስ ዓለምካ መዓት ዳርጋ ጋዓት' እናበልኩ ደኣ እደዓዓስ ይህሉ ይኸውን እምበር ኣይዘረባን። ምልኣተይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ዝዘቕበብኩ ኣይኩነን። ኣብ ማእከል ጨካ በይነይ ተወሊደ ዓብየ ነይረ እንተ ዝኸውን፡ ኣብ ርእሰይ ብዘይካ እታ ጫካ እንታይ ምሃለወ፧ 'ምልኣተይ ኣብ ምድንቋረይ ክትህሉ ትኽእል'ያ፡' ኢለ እሓስብ ኣለኹ፣ ኣብዛ ስቕታ።

**ጸጋይ በ. - ኣስመራ**

16 መስከረም 2010 - ኣስመራ

## ሓድሽ ህይወት

ንመጀመርታ እዋን'ዩ ክልተ ዳየሪ ኣብ ሓደ እዋን ዝህሉወኒ ዘሎ። እዛ ሕጂ ዝጽሕፈላ ዘለኹ ድሕሪ ገለ እዋን ናተይ ምኳን ክትገድፎ እያ፣ It is going to be for our baby, probably its first diary!



ኣብ ውሽጠይ ህይወት ዘሎዎ ነገር ኣሎ። ማራ ኬፍ ዘሎዎ ስምዒታትን ባህታን ዝፈጥር። ድሮ ሰለስተ ወርሒ ሓሊፉ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ዝምስጠንን ዝፍተወንን ሓጐስ እውን ኲይኑለይ። ሓቂ ይሓይሽ እተን ናይ መጀመርታ መዓልታት፡ ልዕሊ ወርሒን ክልተ ሰሙንን፡ ንላዕሊ የብለኒ፡ ብድኻም ረሸሸ እብል፡ ቅርጥማት ድዋዕዋዕ የብለኒ፡ ድምጺ፡ ዘረባ፡ ዝኾነ ዓይነት ጨና፡ ይጽልኣኒ ነይሩ። ቀድሚ ሕጂ ዘይፈልጦን ዘይርድኣንን ስምዒታትን ቀጨውጨውን ሓሊፉ! ማዕረ "ካልኣይ ግዜ ኣይጠንስ'የ፡" ዝበልኩሉ እዋን'ውን ነይሩ። መወዳእታኡ ግን ህይወት ዝህበኒ፡ "ማማ... ባባ መጺኡ፡" ዝብል ህጻን ክመጽእ ምኳኑ ዘኪረ ፍሽኽ እብል'ሞ ኵሉ እርስዖ። ከጻውቶ፡ ትምህርቲ ክወስዶን ጽውጽዋይ ክነግሮን ይርእየኒ። ድሓን ይእቶ ኣቦኡ ብዙሕ ነገር ኣቃሊሉለይ እዩ። ተጸሊኡኒ ከም ዘወዓለ ከዕልሎን ክፎኽሰንን ሓደ'ዩ። እቲ ዕሽል ኣብ ማህጸነይ፡ ኵሉ ግዜ ምሳይ ምህላዉ ሓለፋ ኲይኑ ከም ዝስምዓኒ ገይሩ። ናይ ብሓቂ ከኣ ሓለፋ እዩ! ጥንሲ ካብ መጀመርታ ክሳዕ መወዳእታ ብሓደ ከም እትስከሞ ተረዲኣ። ምስ ምሉእ ሓይልኻ ክትገብሮ ከለኻ ዝያዳ መቐረት ኣሎዎ። ሕጉስ ህይወት'የ ዘሕልፍ ዘለኹ።

ካብ ቀደመይ ጥንስቲ ምርኣይ ደስ'ዩ ዝብለኒ። መዓልታዊ ዝርኣኹወን ክፈቅድን ናይ ክንደይ ወርሒ ምኳኑ ክግምትን እየ ዝውዕል። ኣነ ከምኦን ምስ ኰንኩ ዝርኣየኒ፣ ክገብሮ፡ ክሰምዖ ዝደልን ዝሓልሞን ነገራት ነይሩ። ክሳዕ ሎሚ ኵሉ ከምቲ ዝሓሰብኩዎ ይኾነለይ ኣሎ።

ንኣይ ዝበለጸ ነገር፡ እቲ ንግሆ ካብ ድቃሰይ ክትስእ ከለኹ ዝስምዓኒ ስምዒት እዩ። ኣእዳወይ ኣብ ከብደይ ይጸንሓኒ፣ ለይቲ ሓቝፈዮ ክድቅስ ደስ ይብለኒ። ገና ኣብ ከብደይ ከሎ ክሓቝፎ ከም ዝኽእል ኣቦኡ/ኣቦኣ እዩ ኣላሚዱኒ። ጥንሲ ማራ ደስ ዘብል ነገር'ዩ። ኣነ ወዲ ኲይኑ'ዩ ዝስምዓኒ ዘሎ። ኣቦኣ ድማ ጓል'ያ ትመስሎ። እቲ ዘገድሰና ግን ህይወት ዘሎዎ ሰብ እዩ።

ሕጂ ጥንስቲ ምስ ኰንኩ ሓደ ዝገረመኒ ነገር ኣሎ! ስለምንታይ ኢና ንጥንስቲ ነብሰ ጾር እንብላ፧ እቲ ኣብ ማህጸና ዘሎ፡ ህይወት ዝፈጥረላ'ምበር ጾር ዝኾና ኣይመስለንን እዩ። ዋላ'ኳ ንእኡ/ንኣኣ ክትብል እትገብሮ ብዙሕ ነገራት እንተ ሃለው፡ ማዕረኡ ከኣ ምስኡ ዝመጽእ ሓደስቲ ነገራት ተስተማቕር ኢኻ። ገለኡ ትኸየፈሉ፡ ገለኡ ትምሃረሉ፡ ገለኡ ተማርረሉ። ብውሑዱ ንኣይ ጾር ኣይኰነን ዘሎ።

ኵሎም ስምዒታተይ ኣብ ሓደ ገጽ ክስፍሮም ከሸግረኒ እዩ። ወዲና ወይ ጓልና ክንብቡዎ፡ እቶም ስምዒታት ኵሉ ግዜ ክህልዉን ምእንቲ ሓደ ብሓደ ክዝክሮምን ብዝተኻእለኒ መጠን ናብ ጽሑፍ ክቕይሮ ክፍትን እየ። ሕጉስ ህይወትን ጥዑም ስምዒታትን እየ ዘስተማቕር ዘለኹ። ... thank you baby!

**ዛህራ**

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ከረን - ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ቀዳማይ ዲቪዥን ቀጺሉ

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ከተማ ከረን፡ ትሸዓተ ነሓሰ ኣብ ስታድዩም ከተማ ከረን ኣብ ዝቐጸለ፡ ዳርሰላም ዓወት ክተመዝግብ እንከሎ፡ ደንደንን ግዞ ጥንዳን ድማ ነጥቢ ተማቒለን።

ፈለማ ጋንታታት ዳርሰላምን ደሴትን እየን ተራኺበን። ዳር ሰላም ቀዲማ ካብ ዑስማን መሓመድ ቅልጥፍቲ ሸቶ ብምምዝጋብ መሪሕነት እንተሓዘት፡ ደሴት ነታ ሸቶ ንምሕዋይ ብዘዘበረቶ ጻዕሪ ብመንገዲ የውሃንስ ባህልቢ ተመዓራርያ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሓ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ዳርሰላም ካብ ኤማህሰንን ዑስማንን ኣከታቲላ ክልተ ሸቶታት ብምውሳኽ መሪሕነታ ኣደልደለት። ደሴት'ውን ብወገና ናትናኤል ኪዳነ ብዘቑጸራ ሸቶ ንውጽኢት ናብ 3ብ2 ኣጸበበቶ። እንተኾነ ዳርሰላም በቲ ኣብ ጸቢቕ ኣቃውማ ዝወዓለ ኣጥቃዓያ ዑስማን መሓመድ ሸቶ ብምርካብ (ሃትሪክ ሰሪሑ) ንጸወታ 4ብ2 ተዓዊታትሉ። ዑስማን መሓመድ ድማ ብሉጽ ናይ'ቲ ጸወታ ተባሂሉ።

ቀጺለን ናይ ዝሓለፈ ዓመት መቐናቕንቲ ዝኾና ጋንታታት ደንደንን ግዞ ጥንዳን እየን ገጢመን። ቀዳማይ እብረ ክልቲአን ጋንታታት ማራኽበን ሓያል መጥቃዕትን ዝተራእዮ ጸወታ ብምክያድ ብዘይ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ ኣምሪሐን። ካልኣይ እብረ'ውን ንተዓዛቢቲ ዝማሰጠ ምንቅስቓስ ብምዝርኣይ ግዞ ጥንዳ ካብ ኣዘሀር ኢብራሂም ሸቶ ረኺባ እኳ እንተ መርሐት፡ ደንደን ካብ ፈደን ፍረዝጊ ብመገዲ ፍጹም ቅላዕ ሸቶ ብምርካብ ንጸወታ ኣመዓራረየቶ። ድሕሪ'ዚ ዝተረኽበ ሸቶ ኣይነበረን፡ ጸወታ ድማ 1ብ1 ተዛዚሙ። ኣዘሀር ኢብራሂም ካብ ግዞ ጥንዳ ብሉጽ ናይ'ቲ ጸወታ ተረቚሑ። ግጥማት ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ቀዳማይ ዲቪዥን ሎሚ ረቡዕ ክቕጽል ምዃኑ ካብ'ቲ ፌደረሽን ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድእ።

እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ፡ ብሽርክነት ሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ኤርትራን ሃገራዊ ፌደረሽን ባይታ ቴንስ ኤርትራን ዝተወደበ ካብ 01 ሓምለ ክሳብ ትሸዓተ ነሓሰ ኣብ ከተማ ከረን ክካየድ ዝወረሐ ስልጠና፡ ሓለፍቲ ስፖርቲን ወለድን ኣብ ዝተረኽብሉ ትሸዓተ ነሓሰ ብወግዒ ተዛዚሙ።

ኣቢቲ ብኽልስ ሓሳብን ተግባርን መሰረታዊ ኣምራት ባይታ ቴንስ ዘጠቓለለ ስልጠና፡ 15 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 34 ህጻናት ሰልጢኖም።




ኣቢቲ ኣጋጣሚ፡ ሓለፍቲ ዝተፈላለዩ ፌደረሽናት፡ ስልጠንቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዝረኸብዎ ዕድል ሓያል ጻዕሪ ብምክያድ፡ ኣብ ዝግበር ውድድራት ዕዉታት ኮይኖም ስሞምን ስም ሃገሮምን ክጸውዑ፡ ባይታ ቴንስ ብደረጃ ዞባ ክሰፍሕ ከም'ኡ'ውን ባይታ ቴንስ ከም ዓይነት ስፖርት ንምስፋሑ ተርኦም ከዕዝዙን ቀጻሊ ብልምምድ ክድርዑን . . . ዝብሉ ለበዋታት ኣመሓላሊፎም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሰልጠንቲ ህጻናት፡ ዝተዓደለሎም ምስክር ወረቐት ተሳታፍነት ካብ ኢድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ስፖርት ተቐቢሎም።

## "ንኢንፋንቲኖ ምስጓግ ዓቢ ጌጋ እዩ" ትራምፕ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ማሕበራት ፌደረሽናት ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኢስያ ከም'ኡ'ውን ኮንካካፍ፡ ፕረዚደንት ፊፋ ኢንፋንቲኖ ካብ ስርሑ ክወርድ ዘቕርብዎ ዘለዉ ክሲ፡ ርግእ ኢሎም ክሓስቡሉ ኣዘኻኺሮም። ፕረዚደንት ትራምፕ ንበቢሲ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ሓለዋይ ተጸዋዒ ፊፋ ኢንፋንቲኖ ካብ ስርሑ ምእላይ ማለት፡ ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ዓለም ዘሰክሕክሕ ጌጋ ከም ምፍጻም እዩ" ድሕሪ ምባል፡ ማሕበራት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣብቲ ጉዳይ ዳግማይ ግምት ክገብራ ተላቢዩ።

ትራምፕ እዚ መግለጺ ዝሃበ ዘሎ ድሕሪ'ቲ እዘን ፌደረሽናት ኣብ ልዕሊ ፊፋ ቅልጡፍ ውሳነ ክወሃብ ዝጠልብ ቅሉዕ ሓበራዊ ደብዳቤ ምልኣኸን፡ ንሳ'ኡ ሰዒቡ ንኢንፋንቲኖ ንምድሓን ዝገበሮ ጻዕሪ ምዃኑ በቢሲ ስፖርት ጸብጺቡ። ፊፋ ብ28 ሓምለ ንበርክታት ዋንጫ ዓለም ናብ ወልቃውያን ኣውፊርቲ ክሸጦ ከም ዝኸእል ድሕሪ ምሕባሩ'ሞ ብዘጋጠሞ ሓያል ተቓውሞ ነቲ መደብ ካብ ዝሰረዞ ንደሓር፡ ደገፍ ትራምፕ ናይ ፈለማ ምዃኑ እዩ ዝነገር።

ኢንፋንቲኖ ምስ ትራምፕ ጥቡቕ ዝምድና ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ታሕሳስ 2025 ፈላሚ ሽልማት ሰላም ፊፋ ከም ዝሸለሞ ዝገለጸ በቢሲ፡ ከም መርኣያ ናይ'ቲ ኣብ መንጎኦም ዘሎ ጥቡቕ ዝምድና፡ ትራምፕ ንኢንፋንቲኖ ክሕለቐሉ እንተ ተሰምዐ ዘገርም ከም ዘይኮነ ሓቢሩ።

"ትራምፕ ኣብዚ ጉዳይ ምእታዉ ዘምጽኦ ለውጢ ክህሉ ይኽእል ድዩ" ዝብል ኣካታዒ ኣርእስቲ ግዜ ዝምልሶ እኳ እንተኾነ፡ ርእይቶ ትራምፕ ኣብ እዋኑ ምቕራቡ ግና ንኢንፋንቲኖ ግዜያዊ እፎይታ ዝህብ ምዃኑ ብዙሓት ይሰማምዑሉ።

## ማእከል - ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ፈሊሙ

ብምትሕብባር ጨንፈር ስፖርትን ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከልን ዝተወደበ ክረምታዊ ውድድራት ግራስ ሩት፡ ብቕዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ቮሊቦል ኣስመራ ፈሊሙ። እቲ ብደረጃ ዕድመ ኣብ ክልተ ተመዲቡ ንንኡሳን ዞባታት ብኽልቲኡ ጾታ ዘሳትፍ ዘሎ ውድድር፡ ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ዘሰላሰሎ ውጽኢት ከምዚ ይመስል፡

ኣብ ክሊ ዕድመ 14ን15ን ደቂ ተባዕትዮ ኣኽርያ ንዕዲጋሓሙስ፡ጋሽ ፍሒ ንኣቖርደት ንጉደይፍ ንበርኽ ብተመሳሳሊ ውጽኢት 2ብ0 ሰዒረንኦን። ኣብ ዕድመ 16ን17ን ደቂ ኣንስትዮ ኣርባዕተ ኣስመራ ንዕዲጋሓሙስ 2ብ0፡ ደቂ ተባዕትዮ ማይተመናይ ንበርኽ 2ብ0 ከም'ኡ'ውን ኣቖርደት ንኣኽርያ 2ብ1



ተዓዊተናለን።ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ መርበብ ሎሚ ረቡዕ ክሊ ዕድመ 16ን17ን ደቂ ኣንስትዮ ኣኽርያ ምስ ጋሽ ፍሒ፡ በርኽ ምስ ማይ ተመናይ፡ ደቂ ተባዕትዮ ኣኽርያ ምስ ማይተመናይ ብዘሳስልዎ ውድድራት ክቕጽል እዩ።

## ውሽጣዊ ውድድራት 'እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ' ይቕጽል

ብረቡዕ ሓሙሽተ ነሓሰ ዝፈለመ ውሽጣዊ ውድድራት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ትማሊ ሰሉስ ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን ኩዕሶ መርበብን ኣብ ሜዳ መዓስከር ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ቀጺሉ።

ፈለሙ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ማሰረትን ፈንቅልን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ፈንቅል ኣብ መበል 23 ደቒቕ ከም'ኡ'ውን 29 ደቒቕ ብመገዲ ኤልዳና ክንፈን ደሊና ጉብረትንሳኤን ሸቶ ብምርካብ መሪሕነት ሓዚት። ማሰረት ኣብ መበል 33 ደቒቕ ብሲሞና ጉብረዮናስ ሸቶ'ኳ እንተ ኣመዝገበት ክትዕወት ግና ኣይከኣለትን፡ ጸወታ ድማ ብዕወት ፈንቅል 2ብ1 ተዛዚሙ።



ቀጺለን ጋንታታት ዊናን ሕድሪን እየን ጸወታአን ኣሰላሲለን። ዊና ኣብ ወሸጢ ሓደ ደቒቕ ብመንገዲ ፍርቲና ሸቶ ብምምዝጋብ ንጸወታ ክትቅልሶ ተራእያ። እንተኾነ ተጻወትቲ ሕድሪ ኣብ ሻውዓይ ደቒቕ ካብ ሚካል ሚካኤል ብዝረኸብኦ ሸቶ ብማዕረ ወጽኢት ናብ ዕረፍቲ ክወጻ ክኣላ። ድሕሪ ዕረፍቲ ሕድሪ ፍጹም ቅላዕ'ኳ እንተረኸበ ክጥቀማላ ኣይከኣላን። ድሕሪ'ዚ ዝተረኽበ ሸቶ ኣይነበረን፡ እቲ ውድድር ድማ ብናይ ሓባር ወጽኢት 1ብ1 ተዛዚሙ።

ብዘይካ'ዚ ውድድራት ኩዕሶ መርበብ ደቂ ተባዕትዮ ተኻይዱ ነይሩ። ጹሓይ በርቂ ንሓለቦት፡ ርኬት ድማ ንጸግዖት ብተመሳሳሊ ወጽኢት 2ብ0 ሰዒረንአን።

ውሽጣዊ ውድድራት እዚ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ሎሚ ረቡዕ ቀጺሉ ክውዕል ምዃኑ ህዝባዊ ርክብ ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።

## ቸልሲ ንሙድሪክ ብሌቓሕ ክተጻውቶ ትሓስብ

ቸልሲ ነቲ ድሕሪ 20 ኣዋርሕ ናብ ጸወታ ዝምለሰ ዘሎ ሚካይሎ ሙድሪክ ብቐዓቱ ዳግማይ ንምህናጽን ንምምላስን ኣብ ትጉብሮ ዘላ ጻዕሪ እዚ ዓመት'ዚ ብሌቓሕ ምስ ካልእ ክለብ ክተጻውቶ ትኽእል እንተ ኾይና ትምርምር ኣላ።

እዚ ወዲ 25 ዓመት ዩክሬናዊ ተጻዋታይ፡ መልዶንዮም ዝተባህለ ክልክል ጥረ ነገር ከም ዝወሰደ ድሕሪ ምርግጋጹ ካብ ሕዳር 2024 ጀሚሩ ካብ ኩሉ ጸወታታት ተኣጊዱ ምጽንሑ ይፍለጥ። ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት መቐጸዕቲ ወዲኡ ምስ ቸልሲ ዝዘጸንበረ ሙድሪክ ኣብዚ ጋንታኡ ምሕዝነታዊ ግጥማት ተካይደሉ ዘላ ውድድራት ከም ተቐያሪ ኮይኑ ክሰለፍ ጀሚሩ ምህላዉ ይንገር። ሓለዎት ሓለፍቲ ናይ'ታ ጋንታ እዚ ናይ ክንፊ ተጻዋታይ ቅድሚ ሓደ ማዕከረም ብሌቓሕ ዝጻወተሉ ዕድል ኣብ ምንዳይ ደርከቡ።




በዚ መሰረት ሙድሪክ ናብ ስትራስቦርግ ክሰጋገር ከም ዝኽእል እኳ ይንገር እንተ ሃለወ፡ ሙድሪክ ግን ናብ ጋንታታት ዓዲ እንግሊዝ ክጸንበር ከም ዝደለ ሓቢሩ'ሎ። ኣብ ልዕሊ ሙድሪክ ብዙሓት ጋንታታት ተገዳስነት ኣሕዲረን ብምህላወን ድማ፡ ድሌት ናይ'ዚ ተጻዋታይ ክሰምር ከም ዝኽእል ይሕበር።

## ኣፍሪቃዊ ዳኛ ኣብ ኤውሮጳዊ መድረኽ

ወዲ 34 ዓመት ሶማላዊ ዳኛ ዑመር ኣርታን፡ ንሱፐር ካፕ ኤውሮጳ 2026 ክዳኒ ብማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ) ተመዚዙ። እቲ ኣብ መንጎ ዕወትቲ ሻምፕዮንስ ሊግን ዩሮፓ ሊግን ሎሚ ረቡዕ ንዝካየድ ግጥም ክዳኒ ዝተመዘዘ ኣርታን፡ ኣብ ዝሓለፈ ክረምቲ ኣብ ዋንጫ ዓለም ክዳኒ ምስ ዝተሓርዩ ደያኑ ኮይኑ እኳ እንተ ተመርጸ፡ ናብ ኣመሪካ ክኣቱ ሰሪ ዘይምኽኣሉ ካብቲ ዓቢ ውድድር ምብኳሩ ይፍለጥ። እዚ ይኹን እምበር፡ እቲ ኣብ 2018 ኣብ ዝርዝር ፕሮፈሽናል ደያኑ ፊፋ ዝሰፈረ ኣርታን፡ ንሱፐር ካፕ ክዳኒ ተመዚዙ



ዘሎ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መንጎ ካፍን ዩኤፋን ዝተፈረመ ናይ ሓባር ስምምዕ ኮይኑ፡ ኣብ ብዙሕ መዳያት ንዳኛት ካፍ ንምትብባዕ ምዃኑ ተቓሊሑ።

ፕረዚደንት ዩኤፋ ኣለክሳንደር ሰፈሪን፡ "ኣርታን ንፉዕ ዳኛ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና። ብዘይካ'ዚ ኣብ ኩሉ ዝዳኘዎ ው ድ ድ ራ ት ዘርእዮ ድስፕሊን ን ተ መ ኩ ሮ ኦ ዝገልጽ ብምዃኑ እዚ ጸወታ ክዳኘ ወሲንና ኣለና" ድሕሪ ምባል፡ ዩኤፋ ኣብ ልዕሊ ኣርታን ዘለዎ ክብሪ ንምርኣይ ከም ዝመዘዞ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ካፍ ዶክተር ፓትሪስ ሞትሰፐ ብወገኑ፡ ኣርታን ንሶማሊያን መላእ ህዝቢ ኣህጉር ኣፍሪቃን ሓበን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ነቲ ዕድል ንዘፈጠረ ፕረዚደንት ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣመስጊኑ።

ብሉጽ ዳኛ ደቂ ተባዕትዮ ካፍ 2025 ዝኾነ ኣርታን፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ሓደ ካብ ብሉጻት ደያኑ ዓለም ምዃኑ ዘመስከረ እዩ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ
ሱፐር ካፕ
ፒኤስጂ- ኣስቶን ቪላ
ሰዓት 10 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሩስያ፡ ልዕሊ 73 ቢልዮን ዶላር መኽሰብ ረኺባ


ሩስያ፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይዚ ዓመት'ዚ ናብ ወጻኢ ሰደድ ካብ ዝገበረቶ ዝተፈላለየ ምህርትታት፡ ልዕሊ 73 ቢልዮን ዶላር ትርፊ ከም ዝረኸበት ገሊጹ፡፡

እቲ ኣሃዙ ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ዝረኸበቶ መኽሰብ ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ14 ሚእታዊት ከም ዝወሰኸ ንግዳዊ ጸብጻባት ሩስያ ሓቢሮም፡፡

ሩስያ፡ ካብ ጥሪ ክሳብ ሰነ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ምስ መሻርኽታ ልዕሊ 365 ቢልዮን ዶላር ዝግመት ንግዳዊ ልውውጥ ከም ዘካየደት'የም እቶም ጸብጻባት ዘረድኡ፡፡

ሰደድ ፍርያት ኑዩዳ፡ ባህርያዊ ጋዝ፡ ሕርሻዊ ምህርትን ማዕድናትን፡ ኣብ ንግዳዊ ኸስጋስ ሩስያ ዝዓበየ እጃም ካብ ዘለዎም ምህርትታት ምዃኖም ተገሊጹ ኣሎ፡፡

ሩስያ፡ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ኣዋርሕ ምስ ሃገራት ኤስያን ኤውሮጳን ዘካየደቶ መጠን ንግዳዊ ልውውጥ ብተዛማዲ ዕቤት ከመዝገበ እንከሎ፡ ምስ ኣመሪካን ሃገራት ኣፍሪቃን ዘካየደቶ ልውውጥ ግን ከም ዝሓየ ተሓቢሩ፡፡



መንግስቲ ሩስያ፡ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ልዕሊ ሩስያ ዘካይድኦ ዘለዋ ተጻብኦታት ንቀጠበኣ ብኣሉታ ክጸልዋ'ኳ እንተ ኸኣለ፡ ኑቲ ዝድነለ ዕላማ ክወቅዕ ከም ዘይከኣለ ግና ክገልጽ ጸኒሑ'ዩ፡፡

## ኮሎምብያ፡ ን 'ሮራታት ጎላን' ከም ልኡላዊ መሬት እስራኤል ኣፍልጦ ሂባ

ሕሉፍ የማናዊ ኣጠማምታ ዘለዎ ሓድሽ መንግስቲ ኮሎምብያ፡ ኑቲ እስራኤል ኣብ 1967 ካብ ሶርያ ብወተሃደራዊ ሓይሊ መዚዓ ምስ ካርታኣ ዝጸንበረቶ ሮራታት ጎላን፡ ልኡላዊ ግዝኣት ኢያኖሳሌም ምዃኑ ኣፍልጦ ከም ዝሃበ ተሓቢሩ፡፡

በዚ ድማ፡ ኮሎምብያ፡ እቲ መሬት ዋንነት እስራኤል ምዃኑ ኣፍልጦ ዝሃበት ካልኣይቲ ሃገር ኮይና ኣላ፡፡

ክሳብ ሕጂ፡ ኣመሪካ እታ እኹ ኣብ 1981 ሮራታት ጎላን ኣካል እስራኤል ምዃኑ ኣፍልጦ ዝሃበት ሃገር ኮይና'ያ ጸኒሓ፡፡

ፕረዚደንት ኮሎምቢያ ኣቤላርዶ ደ ላ ኤስፕሪዬላ፡ ኣብ ሃገሩ ንዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት ንምምካት ምስ ኣመራጺን እስራኤልን ስጡም ዝምድና ከም ዝፈጥር ቃል ዝኣተወሉ ናይ ምረጻ ወፍሪ ኸጎዓስ ሰዒቡ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ስልጣን ከም ዝሓዘ ይዝከር፡፡



እቲ ፕረዚደንት ብማሕበራዊ መራኸቢ ኤክስ ኣብ ዘመሓላለፎ መግለጺ፡ "መንግስቲ ኮሎምብያ፡ ልኡላውነት እስራኤል እንተላይ ኝከቦታት ጎላን ዘጠቓልል ምዃኑ ኣፍልጦ ይህብ ኣሎ፡፡ ከምኡ'ውን እታ ሃገር ካብ ግዳማዊ ስግኣታት ንኹብሳ ናይ ምክልኻል መሰል ኣለዋ" ክብል ሓቢሩ፡፡

ንሱ ወሲኹ፡ ምቁጽጻር እስራኤል ንሮራታት ጎላን፡ ኣገዳሲ ኣካል ሃገራዊ ምክልኻላ ምዃኑ ኮሎምቢያ ከም ትኣምን ኣረጋጊጹ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረዝ፡ ጎላን ኣካል ሶርያ ምዃኑ ደጊሙ ብምግላጽ፡ ኀበጣ እስራኤል ፍጹም ተቐባልነት ከም ዘይብሉ ሓቢሩ ነይሩ፡፡

ቅድሚ ደ ላ ኤስፕሪዬላ ዝነበረ ጸጋማዊ ኣጠማምታ ዝነበሮ ፕረዚደንት ነበረ ጉስታቮ ፔትሮ፡ ንመጥቃዕቲ እስራኤል ኣብ ቓዛ ብትሪ ዥቒፉዎ ምንባሩ፡ ዚ ሰዒቡ ድማ ኮሎምብያ ምስ እስራኤል ንዝነበራ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ብምብታኹ፡ ሃገሩ ካብ ኢያኖሳሌም እተእትዎ ዝነበረት ኣጽዋር ደው ከተኀብሉ ከም ዝገበረ ኣይርሳዕን፡፡

## ኮሎምብያ - ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ብውሕዱ 132 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኮሎምብያ፡ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሳሊቲ ባህርያዊ ሓደጋታት ዝሓየለ ምዃኑ ዝተገልጸ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ድሕሪ ምኽሳቱ፡ ብውሑዱ 132 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ኣብ መላእ ሃገር ድማ ናይ ህጹጽ እዋን ኣዋጅ ተመሓላሊፉ ከም ዘሎ ተገሊጹ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 480 ሰባት በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ኣካላዊ ጉድኣት ወሪድዎም ከም ዘሎ ተሓቢሩ፡፡

ሓያሎ ሰባት ኣብ ትሕቲ ዝፈረሱ ህንጻታት ተደብዮም ከም ዘለዉ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ብዘሓ ምውታት ካብ'ዚ ሕጂ ዘለዎ ንላዕሊ ከይወሰኽ ተሰጊኡ ከም ዘሎ ኣመልኪቶም፡፡

እቲ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ከፍሊ-ሃገር ቾኮ ዘጋጠመ 7.4 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ መሬት፡ ኣብ ውሽጢ 103 ኪሎ-ሜተር ዕምቈት ዝተኸሰተ ኮይኑ፡ ካብ'ዚ ካብ ዝተሃወሰ ሰፈሕ ከባቢታት ምዕራብ ኮሎምብያ ከም እተሰምዐ'ዩ ዝሕብር ዘሎ፡፡

እዚ ሓደጋ ዘጋጠም ዘሎ፡ ኣብ ሰሜን ቬኔዝዌላ ልዕሊ 6,300 ሰባት ዝቐዘፈ ተመሳሳሊ ሓደጋ ድሕሪ ምኽሳቱ ክልተ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ እዋን እዩ፡፡

እቲ ዝሓለፈ ዓርቢ ስልጣን ዝተረከበ ፕረዚደንት ኮሎምብያ ኣቤላርዶ ደ ላ ኤስፕሪዬላ፡ ኑቲ ሓደጋ ንምምካት ዘኽእል ፍሉይ ባጀት ናይ ምስሳዕ ስልጣን ከም ዝጥቀም ኣፍሊጡ ኣሎ፡፡

ፕረዚደንት ደ ላ ኤስፕሪዬላ፡ በቲ ባህርያዊ ሓደጋ ልዕሊ 1,500 ኣባይቲ ከም ዝፈረሱ ኣረጋጊጹ'ሎ፡፡

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮ፡ ሃገሩ ኑቲ ኩነታት ብቐረባ ትከታተሎ ከም ዘላ ሓገዝ ንምልኣኽ ድልውቲ ምዃና ገሊጹ ኣሎ፡፡



## ኣውስትራልያን ቬትናምን ሽርክነተን የደልድላ

ኣውስትራልያን ቬትናምን፡ ኣብ ምክልኻል፡ ሕርሻን ጸጥታ ማያዊ ዶባተንን ዘተኮረ ስምምዓት ብምኽታም፡ ኩለ መዳያዊ ስትራተጂያዊ ሽርክነተን ንምዕማቕ ከም እተሰማምዓ ተሓቢሩ፡፡

እተን ሃገራት ኑቲ ስምምዓት ዝኸተማ፡ ፕረዚደንት ቬትናም ቶ ላም ኣብ ኣውስትራልያ ወግዓዊ ዑደት ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ እዋን እዩ፡፡

ንሱ፡ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ድሕሪ ምርኻቡ ክልተኦም ኣብ ዝሃብዎ ሓባራዊ መግለጺ፡ ንጸለማዊ ቀረብ ኣብ ዝዘርግ ቀይዲ ዘይብሉ ንግዳዊ ኣሰራርሓ ዘለዎም ስግኣት ኣሕሊሮም፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ወሰኑቲ ማዕድናትን ጸዓትን ኣብ ዘጠቓልል ሰንሰለታዊ ቀረብ ምትሕብባር ክልቲአን ሃገራት ንምሕያል ከም ዝተሰማምዑ ኣፍሊጦም፡፡

እቶም መራሕቲ ወሲኾም፡ "ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ዝረአ ዘሎ ቅልጡፍን ዝተሓላለኸን ምዕባሌታት፡ ሃገራት ኣብ ዲፕሎማሲ ክጸቕጣ፡ ምትእምማን ክሃንጻ ከምኡ'ውን ንዘይምርድዳእ ንኣህጉራዊ ሕጊ ኣኽቢረን ብሰላማዊ መንገዲ ክፈትሓ ከም ዘለወን ንሰማማዕ ኢና" ኢሎም፡፡

ኣውስትራልያ፡ ከም ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ዞባ ኢንዶ-ፓስፊክ እተካይዶ ንጥፈታት፡ ኣብ ባሕሪ ደቡብ ቻይና መራኸቢ ሓይሊ



ዝፍጽመሉ ዘሎ እዋን እዩ፡፡

ባሕርን ናይ ኮለላ ነፈርቲን ብቐጻሊ ከም እተዋፍር ይፍለጥ፡፡

ክልተኣዊ ንግዳዊ ልውውጥ ናይተን ሃገራት፡ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ 2026 ብ22 ሚእታዊት ብምዕባይ ናብ 8.1 ቢልዮን ዶላር ከም ዝደየበ እቲ ሓባራዊ መግለጺ የመልክት፡፡

ቀንዲ ሰደድ ቬትናም ናብ ኣውስትራልያ - ምዕቡላት ቴሌፎናት ዝርከቦ ዝተፈላለየ ኤሌክትሮኒካዊ ኣቕሑን ክዳውንትን ዘጠቓልል ክኸውን እንከሎ፡ ካብ ኣውስትራልያ ድማ ከሰል፡ ማዕድናትን ተፈጥሮኣዊ ጋዝን ተእቱ፡፡

## ኮንጎ - ብሽበራዊ መጥቃዕቲ 30 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ደሞክራሲያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ፡ ምስ ሽበራዊ ዕጡቕ ጉጅለ ዳዕሽ ምትእስሳር ከም ዘለዎም ዝተገልጹ ዕጡቓት ብዘካየድዎ መጥቃዕቲ፡ ብውሑዱ 30 ሰባት ከም እተቐትሉ ተቓሊሑ፡፡

በቲ ብ10 ነሓሰ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ኮንጎ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ዓሰርተታት ካልኦት ከም ዝቖሰሉን ብርክት ዝበለ ኣባይቲ ድማ ከም እተቓጸለን፡ ሱብ መዚ ኮንጎ ሓቢሮም፡፡

ኣብ ኮንጎ፡ ካብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ክሳብ'ዚ ሕጂ ዘለና ወርሒ ብዝተኻየደ ሽበራዊ መጥቃዕትታት፡ ህይወት ልዕሊ 130 ሰባት ጠፊኡ ከም ዘሎ፡ ጸብጻባት የረድኡ፡፡

ኣብ'ታ ሃገር ብዝካየድ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታትን ግጭታትን ዛጊት ኣስታት 10 ሚልዮን ሰባት ተመዛቢሎም ከም ዘለዉ'ዩ ዝጥቀስ፡፡

እቲ ዘየርግእ ኩነታት፡ ኣብ'ታ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ ለቡዳ ሕማም ኣቦላ ንምግታእ ንዝካየድ ጻዕሪ ብኣሉታ ይጸልዎ ምህላዉ፡ ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ይሕብሩ፡፡

በቲ ለቡዳ ዛጊት ልዕሊ 4 ሽሕ ሰባት ከም እተለኽፉን ኣስታት 1,900 ካብኣቶም ድማ ከም ዝሞቱን ጸብጻባት ጥዕና ናይ'ታ ሃገር የረድኡ፡፡



ተረኛ ፋርማሲ: ፋርማሲ ዳህላክ
ዕለት: 12/8/26
ጎደና: ጎደና ገጀረት -751ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀይሕ ባሕሪ
ቁ.ስልኪ: 188159
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565